# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.258 ዓርቢ 28 ሰነ 2019 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ደቡብ ኣፍሪቃ - ብጽዓዱ ዝተገበተ መሬት...



ገጽ 4
ህዝብታትን ባህልታቶምን



ገጽ 6
ደረጃ ኣከባቢያዊ ብከላን ሳዕቤናቱን



ገጽ 8
ዳግመ-ስርርዕ




ገጽ 9
ሊቨርፑል፡ ንፔፔ ኣይደልዮን'የ




# ቤት-ትምህርቲ ንግዲ ደንደን 462 ተመሃሮ ኣመሪቓ





ሰ/ክብሮም ጸሃየ

ኣብ ከተማ ኣስመራ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ንግዲ ደንደን ኣብ ክልተ ዓመታት ዝተማህሩ 333 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 462 ተመሃሮ፡ ትማሊ 27 ሰነ ብሰርቲፊኬት ኣመሪቓ።

እቶም ካብ ዝተፈላለየ ዞባታት ዝመጽኡ ተመሃሮ፡ ብዓውድታት ኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ሰክሬታርያል ሳይንስ፡ ምሕደራ ዋኒንን ላይብረሪ ሳይንስን እዮም ተመሪቖም።

ሓላፊ ቤት-ትምህርቲ ንግዲ ደንደን ኣቶ ሃብተገርግሽ ቴድሮስ፡ ዝዓበየ ጾጋ ሃገርና ዓቕሚ-ሰብ ስለዝኾነ፡ ኣብ'ዚ ጾግዚ ወፍሪ ምግባር ድርብ መኽሰብ ከምዝለዎ - ንተመክሮ ገለ ሃገራት ጠቒሱ መብርሂ ሂቡ። እዞም ብዘዋህልኡ ስልጠናኦም ንምምራቕ ዝበቕዑ መንእሰያት፡ መርኣያ ናይ'ቲ መንግስቲ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ዘካይዶ ዘሎ ወፍሪ ከምዝኾነ ድማ ኣረዲኡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምክትታልን ምርግጋጽን ብቕዓት፡ ኣቶ መሻሾ ጉብረትንሳኤ፡ ተመረቕቲ ዝተመሃሩዎ ዓውዲ ብውፉይ ስራሕ ህዝቦም ከገልግሉ ትጽቢት ከም ዝግበረሎም ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ዓውዲ ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ብሉጻት መማህራንን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣበርክቶ ዝገበሩ ኮሚቲ ወለድን ሜዳልያን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሎም።

ቤት-ትምህርቲ ንግዲ ደንደን ሎሚ ዓመት ንመበል 17 ግዜኣ እያ ተመርቕ ዘላ።

# ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣካዪዶም

ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ፡ ኣውስትራልያ፡ ኒውዚላንድን ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳንን ዝተፈላለየ ስራሓት ኣካዪዶም።

ኣብ ኢጣልያ - ማሕበረ-ኮም፡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ሃማደኤ፡ ኮሚተ ሚድያን ዲፕሎማስን ኣብ ከተማ ሚላኖ - መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ ኣካዪዶም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ፡ ኣቶ ፍስሃጼን ጴጥሮስ፡ ንህሉው ኩነታት ኣመልኪቱ ኣብ ዘሃቦ መግለጺ፡ ተኣትዩ ዘሎ ሓድሽ መድረኽ ውጽኢት ሓያል ጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ንምዕቃቡን ንምድንፋዑን ብዝለዓለ ምስራሕ ከምዝድሊ ኣስሚሩሉ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ኣቶ መሓሪ ተኸስተ፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ሲድኒን ኣደላይድን ኣብ ዝገበሮ ሰሚናራት ድማ፡ ብዛዕባ ቀዳምነታት መደባት ልምዓት ኣብ'ዚ ሓድሽ መዋእል መብርሂ ሂቡ። ኣገዳስነት ርግኣትን ሰላምን ከባብናን ዞባናን እውን ገሊጹ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ኣቶ የውሃንስ ተኽለሚካኤል ብወገኑ፡ ብ22 ሰነ ንኤርትራውያን ነበርቲ ዞባ ኣዊል ኣብ ዘዳየዶ ኣኼባታት፡ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኮሰ ውዳቤታቶም ከሐይሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣምባሳደር የውሃንስ ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣዊልን ካልኦት ሰብ-መዚን'ቲ ዞባ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናን ኣገዳስነት ምምዕባሉን ዘትዩ።





# ህዝቢ ንስድራ-ስዉኣት ዜጋታቱ ምሕጋዝ ይቕጽል

ሰራሕተኛታት በዓል-መዚ ወደብ ባጽዕ፡ ብ26 ሰነ ኣብ ዝወደብዎ ርክብ፡ ሸዱሽተ ስድራ ስዉኣት ንምእላይን ንምሕብሓቦን ሓላፍነት ወሲዶም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ በዓል-መዚ ወደባት ኤርትራ ኣቶ ዳዊት መንግስትኣብ፡ እቲ ስርዓት ዘለና ናጽነትን ሰላምን ሳላ ተበጃዊነት ሰማእታትና ዝተረኽበ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሰራሕተኛታት ወደብ ባጽዕ ንዘወሰዱዎ ተበግሶ ሞጉሶ። እቶም ስድራ ስዉኣት፡ ከም ኩሎም ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ትካል፡ ኣብ'ቲ ወደብ ናጻ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረኽቡ ምዃኖም እውን ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ድማ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሃዳሙ ን33 ስድራ-ስዉኣት 18,150 ናቕፋ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ወርቒ ን25 ስድራ-ስዉኣት 12,500 ናቕፋ ሓገዝ ኣበርኪቶም።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ሰላሕ ናይ 52 ስድራ-ስዉኣት፡ ነበርቲ ዓድታት እንዳደቆ፡ ዝባን-ሰራውን ጉራዕን ናይ 39 ስድራ-ስዉኣት፡ ተቐማጦ ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ዕዳጋ ናይ 32 ስድራ-ስዉኣት ግራውቲ ከምዝሓረሱን ኣብይቲ ከምዝጸገኑን ወከልቲ ኢሮና ሓቢሮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ነበርቲ ደቂ-ሽሓይ ን9 ስድራ-ስዉኣት 9 ሽሕ ናቕፋ፡ ነበርቲ ዓዲ-ንኣምን ን12 ስድራ-ስዉኣት 6 ሽሕ ናቕፋ፡ ነበርቲ ደብሪ ዓዲ-ሓንስ ድማ ን3 ስድራ-ስዉኣት 900 ናቕፋ ሓገዝ ሂቦም። ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ፡ ስድራ ስዉኣት ብምሕረስ ክሕግዝ መደብ ወጺኦም ከምዝሎ እውን ተሓቢሩ።

## ኣህጉራዊ ጉዳያት

# ደቡብ ኣፍሪቃ - ብጸዓዱ ዝተገበተ መሬት ሕርሻን መጻኢ ዕድሉን

ተስፋኣለም የማነ

ብዑበልሸውና ተኸሰሱ ቅድሚ ግዜኡ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ንዝተገደደ ፕረዚደንት ጃኮብ ዙማ ብምትካእ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ስልጣን ዝደየበ ሰሪል ራማፎዛ፣ ቅድሚ ሒደት ኣዋርሕ ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ መራሒ ደቡብ ኣፍሪቃ ኮይኑ ክቕጽል ብዑቦላሊ ድምጺ ከም ዝተዓወተ ኣይርሳዕን። እቲ ፕረዚደንት ቃል-ማሕላ ኣብ ዝፈጸመሉ እዋን፣ ንህዝቡ ብዙሕ መብጽዓታት ኣትዩሉ ነይሩ። ገለ ካብቲ መብጽዓታት፣ ኣብታ ሃገር ኣሰፋሒፊሑ ዝርከብ ንግልየናት ጸለምቲ መንእሰያት ደቀባት ኣብ ከቢድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት ሸሚሙ ዘሎ ስእነት ስራሕ ንምፍታሕ ኣብርቲዑ ክቃለስ ምኻኑ ዘመልክት ነበረ። መብቆሎም ኤውሮጳ ብዝኾኑ ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ተገቢቱ ዘሎ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ መሬት ኑቶም ዝሓርሱዎ መሬት ዘይብሎም ጸለምቲ ደቀባት ምምቕራሕ ድማ፣ ሓደ ካብቲ መፍትሒ ናይዚ ጸገም (ሸቕለት-ኣልቦነት) ምኻኑ ኣሚኑሉ ዘሎ ቀዳማይ ኣጀንዳ እዩ።

ብደቀባት ደቡብ ኣፍሪቃውያን ዝተመስረተ ሰልፊ ሃገራዊ ጉባኤ ኣፍሪቃ (ANC) ብኔልሰን ማንዴላ ተመሪሑ ኣብ 1994 ናብ ስልጣን ክድይብ እንከሎ፣ ኩሉ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ሰራሑ ዝኣትወሉን ብኡ ኣቢሉ ማሕበረ-ቁጠባዊ መነባብሮኡ ዘመሓይሸሉን ሰፊሕ ናይ ሸቕለት ዕድላት ምፍጣር ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ምኻኑ ይገልጽ ነይሩ። እቲ ናይ ሽዑ ጭርሖኡ እውን 'ስራሕ፣ ስራሕ፣ ስራሕ' እዩ ዝብል ዝነበረ። ኮይኑ ድማ ኣብቲ ዓመት'ቲ መሪሕነት ምስ ጨበጠ፣ ክሳብ 2000 ዓ.ም ኣብ ዘሎ እዋን 30 ሚእታዊት ካብቲ ብጸዓዱ ሓረስቶት ዝውነን መሬት ሕርሻ ንጸለምቲ ሓረስቶት ከመቓርሕ ዘኽእሎ መደብ ሓንጺጹ። መሬቶም ዝሕደጉ ጸዓዱ ሓረስቶት ዝግበኦም ካሕሳ ክወሃቦ ምኻኖም ድማ ኣብቲ መደብ ብንጹር ሰፊሩ ነበረ። ብኣባላት'ቲ ሰልፊ ዝተዓበለለ ባይቶ'ታ ሃገር'ውን ነቲ መደብ ምሉእ ብምሉእ ደገፎ። በዚ ከኣ ዝውንኑዎ መሬት ስኢኖም ብሸቕለት ኣልቦነት ዝሳቐዩ ዝነበሩ ሚልዮናት ደቡብ ኣፍሪቃውያን ሓድሽ ናይ ተስፋ ብርሃን ክርእዩ ጀመሩ። 'ሰልፊ ሃገራዊ ጉባኤ ኣፍሪቃ ንዘልኣለም ንበረልና' እናበሉ'ውን ኣመስገኑን ወደሱን።

እዚ ይኹን'ምበር፣ እቲ ሽዑ ዝኣተዎ መብጽዓ ክሳብ ሕጂ ክትግበር ኣይከኣለን ዘሎ። ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፣ እቲ ብዘይ ተቓጻዊ ሓይሊ ስልጣን ብሒቱ ዝቕጽል ዘሎ ሰልፊ ወይ መንግስቲ፣ ክሳብ ሕጂ ካብ 10 ሚእታዊት ዘይሓልፍ መሬት'ዩ ካብ ጸዓዱ ናብ ጸለምቲ ደቀባት ከም ዝሰጋገር ገይሩ ዘሎ። 70 ሚእታዊት ካብቲ ዝተሰጋገረ'ውን ከምቲ ናይ ዘምጽኦ ብዓቢ ክለምዕ ኣይከኣለን ዘሎ። እዚ ከኣ ምስቲ ኣብ ደቀባት ደቡብ ኣፍሪቃ ዝነበረ ተስፋታት፣ ትጽቢታትን ሃረርታን ፈጺሙ ዘይመጣጠን ከም ዝኾነ፣ ብኡ ምኽንያት ዝጠዘሉ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ኣብቲ ዝመርሖም ዘሎ ሰልፊ ዝነበሮም እምነት ኣጉዲሎም ወይ ኣጥፊኦም ከም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ይጠቕሱ። ካብኡ ዝሓይሸ ካልእ ሓያል ሰልፊ ኣብታ ሃገር ክፍጠር ስለ ዘይከኣለ ግን፣ ሰልፊ ሃገራዊ ጉባኤ ኣፍሪቃ ምስዚ ኩሉ ፍሽለታቱ ገና ብዑብላሊ ደገፍ ህዝቢ ኣብ ስልጣን ይቕጽል ከም ዘሎ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም የመልክቱ።

ኣብ 1994 ብዙሓ ስራሕ ዘይብሎም ደቡብ ኣፍሪቃውያን 3.7 ሚልዮን ዝነበረ፣ ኣብዚ እዋን ግን ናብ ልዕሊ 9.5 ሚልዮን እዩ ዓሪጉ ዘሎ - ብመሰረት ወግዓውያን ጸብጻባት'ታ ሃገር። እዚ ብሚእታዊት ክርአ እንከሎ፣ መጠን ሸቕለት-ኣልቦነት ኣብታ ሃገር 37% በጺሑ ከም ዘሎ'ዩ ዘርኢ። እዚ ማለት፣ ካብ 100 ደቡብ ኣፍሪቃውያን እቶም 37 ስራሕ ኣልቦ እዮም። ልዕሊ 50 ሚእታዊት ካብቶም ስራሕ ዘይብሎም፣ ካብ 14 ክሳብ 25 ዝዕድመኦም መንእሰያት እዮም። ኣብዚ ወዑይ ክሊ ዕድመ'ዚ ዝርከቡ መንእሰይ፣ ጥንቁቕ ኣተሓሕዛን ኣተኣላልያን ምስ ዘይግበረሉ፣ ብስምዒታት ጥራይ ተደሪኹ ክኸይድን ምስ ዝኸውን ጸረ-ደሞክራሲያዊ ሓይሊ ተሰሊፉ ንጸጥታን ርግኣትን ሃገር ኣብ ዝዘርግ ሸርሒታት ክሳተፍን ዝኽእል ኣዝዩ ሓደገኛ ይኸውን። ነዚ ሓቂ'ዚ ብዝዮኦ ዝተገዝበ 'ተቓለስቲ ቁጠባዊ ሓርነት' (Economic Freedom Fighters Party) ዝበሃል ሕሉፍ ኣረኣእያ ዘለዎ ሰልፊ፣ ንስምዒታት ጸለምቲ ደቡብ ኣፍሪቃውያን መንእሰያት እናመዝመዘ ደገፍቲ ናይቲ መንግስቲ ንዝነበሩ ሚልዮናት መንእሰያት ናብ ጉድኑ ከሰልፎም ክኢሉ ኣሎ። በዚ ከኣ ሓደ ካብቶም ኣብ ቀረባ መጻኢ ንስልጣን ሰልፊ ሃገራዊ ጉባኤ ኣፍሪቃ ክምንዝዑ ዝኽእሉ ፖለቲካውያን ሓይልታት ከም ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ግምታቶም ይህቡሉ።

እዚ ኣብ መንእሰያት ተቐባልነቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓዘዩ ዝመጽእ ዘሎ - ብጁልየስ ማሌማ ዝተባህለ መንእሰይ ፖለቲከኛ ዝምራሕ ማርክሳዊ ሰ-ሓሳብ ዝኽተል ሰልፊ (ተቓለስቲ ቁጠባዊ ሓርነት)፣ ስልጣን እንተ ጨቢጡ፣ ብጸዓዱ ተባሒቱ ዘሎ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ መሬት ብዘይ ዝኾነ ካሕሳ ብሓይሊ እናመንዘዐ ንጸለምቲ ደቀባት ሃገሩ ከመቓርሖም ምኻኑ'ዩ ደጋጊሙ ዝገልጽ ዘሎ። ማሌማ ዝሓለፈ ዓመት ምስ 'ኒውስ 24' ዝተባህለት ማዕከን ዜና ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መጠይቕ፣ "መሬትና ገቢቶም ዘለዉ ጸዓዱ ይቕረታ ሓቲቶም ነቲ መሬት ክረክቡና ይግባኦም ነይሩ - ግን ነቲ ዕድል ኣይተጠቐሙሉን። ሕጂ እቲ ናይ ዕርቂ ግዜ ኣብቂዑ እዩ። ተራና ዘሎ፣ ነቲ ካብ ኣቦ ሓጎታትና ዝሚቶም ኣብ ትሕቲኦም ዘአተውዎ ስቡሕ መሬትና ብሓይሊ መዝለቓ ናብ ዋናታቱ ምምላስ ጥራይ እዩ። ክብረት ናይ ህዝብና ክምለስ እንተ ኾይኑ፣ ዝኾነ ይኹን ካሕሳ ከይከፈልና መሬትና ካብዞም ገበኛታት ክንምልሶ ኣለና፣" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ። ዝ ዝሰምዑ ስራሕ ይኹን ናይ ሕርሻ መሬት ዘይብሎም ብዙሓት ደቡብ ኣፍሪቃውያን ምስቲ ሰልፊ ምጽጋዕ ኣማሪጾም፣ ዘይብሉ ሕርያ ኮይኑዎም ኣሎ።

ሰልፊ ተቓለስቲ ቁጠባዊ ሓርነት ብዘረኸቦ ዘሎ ልዑል ህዝባዊ ደገፍን ኣብ ህዝቢ ብዘሕደሮ ዘሎ ሓያል ጽልዋን ዝሰግአ ብሰልፊ ሃገራዊ ጉባኤ ኣፍሪቃ ዝምራሕ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ፣ ነቲ ቅድሚ 24 ዓመት ዝሓዞ ሽቶታት ኩነ ዘልዓሎ ጭርሖታት ክኽልሶ ተገዲዱ ኣሎ። ኣብ ትሕቲ ጸዓዱ ሓረስቶት ዘሎ ናይ ሕርሻ መሬት ካሕሳ እናኸፈልካ ናብ ጸለምቲ ደቀባት ምስግጋር ከቢድ ብደሆ ኮይኑ ስለ ዝረኸቦ፣ ብዘይ ዝኾነ ካሕሳ እናሃገረ ኑቶም ኣብ ገጠራት ዝነብሩ ደቀባት ከመቓርሖም ዘኽእሎ ፖሊሲ ኣብቲ ኣብ መወዳእታ 2017 ዘካየዶ መበል 54 ዋዕላኡ ኣርቂቑን ርዒሙዎን። እቲ ፖሊሲ፣ ኑቶም መሬት ኣቦ ሓጎታቶም ክምለሰሎም ካብ 1994 ኣትሒዞም ሃንቀው ዝብሉ ዘለዉ ደቀባት ከሐጉሶም እንከሎ፣ ኑቶም ዝዓበየ ክፋል ቁጠባ ደቡብ ኣፍሪቃ ተቖጻጺሮም ዝርከቡ ውሑዳት ጸዓዱ ግን ኣጉዛዩን ኣሻቐለን። ሓድሽ ፕረዚደንት ሰሪል ራማፎዛ ብ16 ለካቲት 2018 ኣብ ከተማ ኬፕ ታውን ንፓርላማ ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፣ ድማ፣ መሰርሕ ናይቲ ካብ ውሑዳት ጸዓዱ ናብ ብዙሓት ጸለምቲ ዝሰጋገር መሬት፣ ዘይከምቲ ናይ ዘምባብወ ንቁጠባ ሃገር ብዘይጉድእ ኣገባብ ክሰላሰል ምኻኑን 'ንጸዓዱ ብሓይሊ እናሰጎጎካ መሬት ምምንዛዕ' ዝበሃል ሃገር ከም ዘይህሉን ሓቢሩ።

ይቕጽል




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ። 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ሊድያ ስልጣን


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ዶክመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ብቐጥታ |
| 15:30 | መደብ ሞዛይክ |
| 17: 00 | ዜና ትግርኛ |
| 17: 20 | ሙ/ድራማ |
| 17: 30 | ዜና ዓረብ |
| 17: 40 | ሓበሬታ ሞዛይክ ዝተቐረጸ መደብ ድሕሪ ዜና ዓረብ ይቕጽል |
| 19: 20 | ተኸታታሊት ፊልም ሮሪ 10 ይ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ገለብ ድሐን /ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብኻልኣይ ማስመር ቴለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ቱኒዝያ | ምስ | ማሊ | ሰዓት | 05:30 | ምሸት |
| 2. | ሞሮኮ | ምስ | ኣይቮሪኮስት | ሰዓት | 08:00 | ምሸት |
| 3. | ደቡብ ኣፍሪቃ | ምስ | ናሚብያ | ሰዓት | 11:00 | ምሸት |




ሱሌማን ኣሕመድ

# ድቃስ ምርካብ ዝሕግዝ ሜላ ኣተነፋፍሳ

መጸናዕትታት ከም ዘጽንዖዎ ድቃስ ምስ ጥዕናዊ ኩነታት ሓያሎ ምትእስሳር ኣለዎ፡፡ ሓደ ሰብ ንዊሕ ሰዓታት ከይደቀሰ ምስ ዝጸንሕ፡ ሕማማት ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ዝተዳኸመ እዩ ዝኸውን፡፡ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ብቐሊሉ ይጥቃዕ፡፡

ድቃስ ንዕበየት ዝተፈላለዩ ኣካላትና'ውን ኣገዳሲ እዩ፡፡ ህጻናት ልዕሊ ዓበይቲ ሰባት ብዙሕ ናይ ድቃስ ሰዓታት ዘድልየም በዚ እዩ፡፡

ድቃስ ልዕሊ ማንም ካልእ ኣካላትና ዝያዳ ንሓንጎል ከም ዘገድሶ ክኢላታት ይገልጹ፡፡ ኣብ እንደቅሰሉ እዋን ሓንጎልና ኣገዳሲን ጠቓምን ዝበሎ ሓበሬታ ይሰርዕን ይኽዝንን፡፡ ምስ ተበራበርና ተነቓቒሕና ክንሰርሕ ድሉዋት ንኽንኸውን ይገብር፡፡

ድቃስ ምስኣን ሳዕቤኑ ካብ ዓይንኻ ዘይምኽዳን ሓሊፉ ኣብ ሓይሊ ሰብነት፡ ስምዒታዊ ኩነት፡ ኣፍራይነትን ካልእ መዳይ ጥዕና ብዙሕ ሳዕቤን የኸትል፡፡ ሓደ ንስርዓተ ድቃስ ብጽሉው ሕማማት ዝተጠቕዐ ሰብ ኣብ መዓልታዊ ስርሑ፡ ስርዓት ምትሕልላፍ ሓበሬታ፡ ኣተሓሳስባን ካልእ ክፉል ሰብነትን ዓቢ ሽግር ክፈጥረሉ ይኽእል፡፡

ቀንዲ ምልክታት ጸገማት ድቃስ

ሓደ ሰብ ኣብ ገለ እዋን ብሰንኪ ብዝተፈላለዩ ናይ ህይወት ብድሆታት ናይ ድቃስ ዘይምቕሳኑ ይስምዖ፡፡ እዚ ግን ንበርን ግዚያውን ኮይኑ ቀልጢፉ ዝጠፍእ እዩ፡፡ እዚ ጸገም'ዚ ንዊሕ ምስ ዝቕጽልን ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ናይቲ ሰብ ጸገም ዝፈጥርን ምስ ዝኸውን ግና፡ ሕክምናዊ ምኽሪ የድልዩ፡፡ ገለ ካብ ጸገም ስርዓት ድቃስ ዘለዎ ሰብ ዘርእዮም ምልክታት፦

= ኣብ እዋን መዓልቲ ቀጨውጨውን ትኽስን ምባል፡

= ከንቡሩ ጠጠው ክብልን ተለቪዥን ክዕዘብን ዘይምኽኣል፡

= ኣተኩሮን ኣደህባን ምጉዳል፡

= ናይ ድኻም ምልክታት ኣብ ገጽ ምዕዛብ፡

= ቀልጢፍካ መልሲ ዘይምሃብ (ብፍላይ ኣብ እትሕተተሉ እዋን)

= ከም ቡን ሻሂን ካልእን ዝኣመሰሉ ወዕዒ ማስተ ክትሰቲ ምህራፍ፡

ልዋም ድቃስ ክትረክብ ትሸገር እንተለኻ ንብዩንኻ ሰለ ዘይረኣኻ ብዙሕ ክትጭነቕ የብልካን፡፡ እንታይ ደኣ ንኽኢላታት ሕክምና ብምውካስ ብኸመይ ክትፈትሖ ከም ዘለካ ምጽዋር እዩ ዝሓሸካ፡፡ ኣብ ኣመሪካ ጸገም ስርዓት ድቃስ (insomnia) ጸገም ናይ ልዕሊ 30 ሚእታዊት ኣባጽሕ ዜጋታት ኮይኑ ከም ዘሎ መጽናዕትታት የመልክቱ፡፡

ሰእነት ድቃስ ምስ ዝህልወካ እዞም ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣገባባት ኣተነፋፍሳ ተጠቒምካ ንምፍዋሱ ጻዕርታት ክተካይድ'ውን ክኢላታት ይመኽሩ'ዮም፡፡ እዞም ሜላ ኣተነፋፍሳ ኣእምሮኻ እኹል ኣየር ብምርካብ ንኽዕርፍ ዝሕግዙ እዮም፡፡

ቅድሚ ንኽትድቅስ እዞም ሜላታት ምጥቃምካ ክትፈልጦም ዝግብኣካ ነጥብታት ኣለዉ፡፡ ኣብ ቅድመኻ ካብ ዝህሉ ረብሻታት ክትእለ ኣዒንትኻ ክትዕምት ግድን እዩ፡፡ ኣብዚ እትገብሮ ሜላ ኣተነፋፍሳ ምሉእ ኣደህቦ ክትገብር ይግባእ፡፡ እስትንፋስ ኣብ ጥዕናና ዝህልዎ ናይ ምሕዋይ ሓይሊ ሓያል ምዃኑ'ውን ክትኣምኑሉ ይግባእ፡፡

ሰዒቦም ሓያሎ ሜላታት ኣተነፋፍሳ ተዘርዚሮም ኣለዉ፡፡ ኣየናይ ንዓኻ ይሰማማዕ ኣስተብሂልካ ተጠቐመሉ፡፡

* '4-7-8' ሜላ ኣተነፋፍሳ

=> ከናፍርካ ኣጽቢብ ኣብልካ ብምኽፋት ክሳብ ኣርባዕተ ካልኢታት ብልብኻ ትፈቕድ ኣየር ናብ ውሽጢ ሰሓብ፡፡

=> ነቲ ናብ ውሽጢ ዘእተኻዮ ኣየር ክሳብ 7 ካልኢታት ኣብ ውሽጥኻ ሒዝካዮ ጽናሕ፡፡

=> ነቲ ኣየር ክሳብ 8 ካልኢታት ግዜ ብምውሳድ ቀስ ኣቢልካ ኣውጽኣዮ፡፡

=> ነዚ ኣገባብ ክሳብ ድቃስ ዝመጽኣካ ካብ 4 ክሳብ 8 ሳዕ ደጋጊምካ ኣተግብሮ፡፡

እዚ ልዋም ድቃስ ንምርካብ ዝሕግዝ ሜላ ኣተነፋፍሳ'ዚ ኣንድሪው ወል ብዝተባህለ ዶክተር እዩ ማዕቢሉ፡፡ ኣብ ኣመሪካ ብዙሓት ናይ ድቃስ ጸገም ዘለዎም ሰባት ክኽተልዎ ክኢሎም ከም ዘለዉ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት የመልክቱ፡፡

* 'ብራማሪ ፕራናያማ' (Bhramari pranayama) ሜላ ኣተነፋፍሳ

=> ዓይንኻ ዓሚትካ ኣዕሚቕካ ኣስተንፍስ፡፡ ኣየር ብዝዮዮእ ናብ ውሽጢ ክኣቱን ናብ ደገ ክወጽእን ኣስተብህል፡፡

=> ከምዚ ክትገብር እንከለኻ ብዓባይ ዓባይቶ ኣጻብዕትኻ ንኽልቲኦም ኣእዛንካ ዕጸዎም፡፡

=> ኣመልካቲቶ ኣጻብዕትኻ ኣብ ሽፋሽፍቲ ኣዒንትኻ፡ እተን ዝተረፋ ኣጻብዕቲ ድማ ኣብ ትሕቲኣን ብምስራዕ ኣዒንትኻ ምስ ኣፍንጫኻ ኣፍኵሶካ ከም ዝዕጾ ግበር፡፡

=> ኣፍካ ዓጺኻ "ሹሽ" ዝበል ድምጺ ብኣፍንጫኻ ክሳብ እትሰምዕ ኣየር ካብ ውሽጢ ኣውጽኦ፡፡ ኣየር ክትስሕብ እንከለኻ ግና፡ ኣፍንጫኻ ኣዚልቕ ክተብሎ ይግባእ፡፡

=> ነዚ ኣገባብ'ዚ ክሳብ 6 ሳዕ ደጋጊምካ ክተካይዶ ይግባእ፡፡

እዚ ሜላ ኣተነፋፍሳ'ዚ ሓንጎል ብዝዮዮእ ኣየር ከም ዝረክብ ዝገብር ብምዃኑ ድቃስ ክትረክብ ይሕግዝ፡፡

* ሰለስተ ክፍልታት ሜላ ኣተነፋፍሳ

=> ፈለማ ንዊሕ ሰዓታት ናብ ውሽጢ ኣካላትካ ኣዕሚቕካ ኣየር ሰሓብ፡፡

=> ኣብ ኣካላትካ ንዘፈጥረልካ ስምዒታት ምሉእ ኣደህቦ ብምሃብ ነቲ ዘእተኻዮ ኣየር ምሉእ ብምሉእ ኣውጽኣዮ፡፡

=> ነዚ ኣገባብ ደጋጊምካ ምስ ኣተየደኻዮ፡ ቀስ ኢልካ ኣየር ብምስሓብ ቀስ እናበልካ ድማ፡ ኣየር ክተውጽእ ፈትን፡፡

እዚ ሜላ ኣተነፋፍሳ'ዚ እናዕረፍካ ንሰለስተ ክፍልታት ከተካይዶ ይከኣል፡፡ ሓንጎል እኹል ኣየር ከም ዝረክብ ብምግባር ህርመት ልቢ ንኽሰሓድል ይሕግዝ፡፡

ዝተኻየዱ ሕክምናዊ መጽናዕትታት ከም ዘጽንዕዎ ብዙሓት ሰባት እዚ ኣገባብ ሜላ ኣተነፋፍሳ ስለ ዝቕለሎም ከዘውትሩዎ ይረኣዩ፡፡

* ናብ ከስዐ (Diaphragm) ዘድሃበ ሜላ ኣተነፋፍሳ

=> ብሕቖኻ ኣኢጋርካ ምሉእ ብምሉእ ሰጥ ኣቢልካ ደቅስ፡፡

=> የማናይ ገምጥ ኢድካ ዘርጊሕካ ኣብ ልዕሊ ከስዕኻ፡ ጸጋማይ ገምጥ ኢድካ ዘርጊሕካ ድማ ኣብ ኣፍ ልብኻ ኣቐምጦ፡፡

=> እታ ኣብ ከስዐ ተቐሚጣ ዘላ ኢድካ ክሳብ ካብ'ታ ኣብ ኣፍልብኻ ዘላ ኢድካ ልዕሊኣ ትድይብን ትሕቲኣ ትወርድን ቀስ ኢልካ ኣዕሚቕካ ኣስተንፍስ፡፡

=> ቀጺልካ ከናፍርካ ብምጽቃጥ ቀስ ኣቢልካ ኣስተንፍስ፡፡

=> ኣየር ናብ ውሽጢ ክትስሕቦን ንደገ ክተውጽኦን እንከለኻ ኣፍልብኻ ክንቀሳቐስ የብሉን፡፡

እዚ ሜላ ኣተነፋፍሳ'ዚ እስትንፋስካ ዘሰምታዊ ብምግባር ኣካላትካ ዘድልዮ ኦክሲጅን ከም ዝሰድል ዝገብር እዩ፡፡ በዚ ድማ ድቃስ ብቐሊሉ ክመጸካ የኽእል፡፡

* በብኣብረ ብኣፍንጫ ናይ ምስትንፋስ ሜላ

=> ኣእጋርካ ብሓንሳብ ብምጥማር ኮፍ በል፡፡

=> ጸጋመይቲ ኢድካ ኣብ ብርኪ እግርኻ ብምቕማጥ ዓባይ ዓባይቶ ኣጻብዕቲ ናይ የማነይቲ ኢድካ ኣብ ከበቢ ቀዳዳት ናይ ኣፍንጫኻ ኣቐምጠን፡፡

=> ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ኣየር ምሉእ ብምሉእ ምስ ኣውጻእካዮ ነታ የማነይቲ ቀዳድ ናይ ኣፍንጫኻ ዕጸዋ፡፡

=> በታ ጸጋመይቲ ቀዳድ ናይ ኣፍንጫኻ ኣየር ናብ ውሽጢ ሰሓብ፡፡

=> ነታ ጸጋመይቲ ቀዳድ ናይ ኣፍንጫኻ ዓጺኻ ንየማነይቲ ቀዳድ ኣፍንጫኻ ድማ ከፊትካ ነቲ ኣየር ኣውጽኣዮ፡፡

=> ነዚ ኣገባብ እናቐያየርካ ንሓሙሽተ ደቓይቕ ኣካይዶ፡፡ ኣየር ብጸጋማይ ቀዳድ ናይ ኣፍንጫኻ ብምውጻእ ነቲ ኣገባብ ፈጽሞ፡፡

ኣብ 2013 ዝተኻየደ መድናዕቲ ከም ዘጽርዖ፡ ናይ ኣፍንጫ ሜላ ኣተነፋፍሳ ብዙሕ ወጥሪ ዘይፈጥር ኣገባብ ብምዃኑ ሓያሎ ሰባት ክስዕቡዎ ተራእዮም፡፡

* 'ቡተይኮ' (Buteyko) ሜላ ኣተነፋፍሳ

=> ኣፍካ ኣፍኩሶካ ብምዕጻው ኣብ ዓራት ኮፍ ብምባል፡ ብኣፍንጫኻ ኣስተንፍስ፡፡ ነዚ ኣገባብ ክሳብ 30 ካልኢታት ደጋጊምካ ኣተግብሮ፡፡

=> ብድሕሪ'ዚ ሓንሳብ ጥራይ ብኣፍንጫኻ ኣየር ሰሒብካ ኣውጽእ፡፡

=> ጸሊሕካ ኣፍንጫኻን ኣፍካን ክሳብ ኣየር ዘድልየካ ዓጺኻዮ ጽናሕ፡፡

=> ኣፍካ ብዕጽው፡ ብኣፍንጫኻ ኣየር ኣእቲን ኣውጽእን፡፡

* 'ፓፕዎርዝ' (Papworth) ሜላ ኣተነፋፍሳ

እዚ ኣገባብ ኣተነፋፍሳ ንምንቅስቓስ ከስዐ ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ፡፡

=> ሰጥ ኢልካ ኮፍ በል፡፡ እቲ ኣገባብ ንድቃስ ዝዓለመ ክሳብ ዝኾነ እቲ ኮፍ ትብለሉ ዓራት ክኸውን ይግባእ፡፡

=> ኣየር ክተእቱ ክሳብ ኣርባዕተ ክተውጽእ ድማ ክሳብ ኣርባዕተ ፍቐድ፡፡ እቲ ኣየር ብኣፍካ ወይ ብኣፍንጫኻ ከተእትዎ ትኽእል ኢኻ፡ ነቲ ኣየር ግና፡ ብኣፍንጫኻ ጥራይ ክተውጽኦ ይግባእ፡፡

=> ኣየር ክትስሕቦን ክተውጽኦን እንከለኻ ከስዐኻ ክንፋሕን ክሰድልን እንከሎ ኣስተብህሎ፡፡ ክተስተንፍስ እንከለኻ ድማ ካብ ከስዐኻ ይወጽእ ከም ዘሎ ንኽትረጋገጽ ድምጺ ክትሰምዕ ይግባእ፡፡

እዚ ኣገባብ ሜላ ኣተነፋፍሳ ንድቃስ፡ ምምዕባሃቑን ሰለም ምባልን ዝኣመሰሉ ስምዒታት ናይ ምጉዳል ዓቕሚ ኣለዎ፡፡

* 'ካፓልበሃቲ' ( Kapalbhati) ሜላ ኣተነፋፍሳ

=> ከም ሓደ ምኡዝ ሽታ ትሽትት ዘለኻ ክትመስል ኣየር ንውሽጢ ኣእቱ፡፡

=> ከናፍርካ ንቕድሚት ወጣውጥ ኣቢልካ ቀስ ኢልካ ነቲ ኣየር ኣውጽኣዮ፡፡ ነቲ ኣየር ኣብ ምውጻእ ካብቲ ክትሕቦ ዘወሰድካዮ ግዜ ሰለስተ ዕጽፊ ክትድንጉ ይግባእ፡፡

= ክሳብ ኣካላትካ ዝዘሐን ድቃስ ዝመጽኣካን ድማ ደጋጊምካ ኣተግብሮ፡፡

'ካፓልበሃቲ' ሜላ ኣተነፋፍሳ ሕጽረት ምስትንፋስ የጉድል፡፡ ዝተቓጸለ ኣየር ብዝዮዮእ ክወጽእ ድማ ይሕግዝ፡፡

* 'ቦክስ' (Box) ሜላ ኣተነፋፍሳ

=> ፈለማ ሕቖኻ ሰጥ ኣቢልካ ብዝዮዮእ ኮፍ ክትብል ይግባእ፡፡ ኣየር ምሉእ ብምሉእ ክትስሕብ ፈትን፡፡ ክሳብ ካብ ሳንቡእካ ዝወጽእ ድማ ጸሊሕካ ንደገ ክተውጽኦ ይግባእ፡፡ ኣብቲ ትወስዶ ዘለኻ ኦክሲጅን ምሉእ ብምሉእ ዘድሃበ ክኸውን ይድለ፡፡

=> ቀስ ኢልካ ብኣፍንጫኻ ኣየር ሰሓብ፡፡ ክሳብ ኣርባዕተ ድማ ብሓንጎልካ ቑጸር፡፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ሳንቡእካ ምሉእ ብምሉእ ብኣየር ክመልእ ከም ዘለዎ ግበር፡፡

=> ነቲ ዘእተኻዮ ኣየር ክሳብ ኣርባዕተ ብሓሳብ ትፈቕድ ድማ ኣብ ውሽጥኻ ኣጽንሓዮ፡፡

=> ብድሕሪ'ዚ፡ ክሳብ ከሉ'ቲ ኣየር ካብ ሳንቡእካ ከም ዝወጸ ዝመስለካ፡ ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዝጸንሐ ኣየር ቀስ እናበልካ ብኣፍካ ኣውጽኣዮ፡፡

እዚ ዓይነት ሜላ ኣተነፋፍሳ'ዚ፡ ብፍላይ ኣብ ትካላት ጥዕና ሰራሕተኛ፡ ልሙድ ኣገባብ ሜላ ፍወሳ ኮይኑ ይሰርሓሉ እዩ፡፡

ቀለልቲ ነጥብታት ንዘበለጸ ድቃስ


* ኩሉ ግዜ ልሙድ ናይ ድቃስ ሰዓታት ይሃልኻ፡፡ እዚ ወላ ኣብ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ክትክተሎ ይግባእ፡፡

* ቅድሚ ምድቃስካ፡ እትድቅሰሉ ክፍሊ ህድኣት ዘለዎን ብዮዝቱእ ከም ዝጸልምትን ኣስተብህል፡፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ክፍሊ ንጹሕ ኣየር ከም ዘሎ'ውን ኣረጋግጽ፡፡ ወይ'ውን ጽሩይ ኣየር ክህልዎ ንዝተወሰኑ ሰዓታት ኣፍደገኡ መሳኹቱን ከፊትካዮ ክትጸንሕ ይከኣል እዩ፡፡

* ናብ ዓራት ቅድሚ ምድያብካ ኣብ ዘሎ ካብ 1 ክሳብ 2 ሰዓታት ኮምፕዩተር፡ ተለቪዥንን ካልእ ብርሃን ከመንጭዉ ዝኽእሉ ከም ሞባይልን ዝኣምሰሉ ነገራት ካብ ምጥቃም ወይ ምዕዛብ ተቖጠብ፡፡

ሓደ በጽሒ ኣብ መዓልቲ ካብ 7 ክሳብ 8 ሰዓታት ክድቅስ ይግባእ፡፡

ምንጪ፦ health line







# ኣንክሮ

ሺሃብ ኣርኣያ

## ዘይተፈትሑ ግድላት



ኣብ ሃቫና ኩባ ዝተወልደ ኤድዋርዶ ሳፒሮ ወዲ ትሽዓት ዓመት ህጻን'ዩ። እዚ ህጻን ገና ወዲ ሰለስተ ዓመት እንከሎ ንሰድራ ቤቱ ብዝዕቢ'ቶም ኣብ ኒውቨርታስ ትነብር ዝነበረት ኣደኡ፣ መርሰደስ ጂንን ዝተባህሉ ኣሕዋቱን ከዕልሎም ይጅምር።

ሓደ እዋን ዶክተር'ታ ሰድራ ናብ ገዛ ምስ መጸ ህጻን ኤድዋርዶ እቲ ልሙድ ዕላሉ ይጅምር። ሓኪም በቲ ዝሰምዖ ዕላል ደንጽዩ ንኤድዋርዶ ክሓቶ ይጅምር።

ህጻን ኤድዋርዶ ድማ ስሙ ጣኞ ሰሶ ምዃኑ፣ ምስ ክልተ ኣሕዋቱን ወላዲቱን ኣብ ጎደና ካምፓናርዮ ይነብር ከም ዝነበረ፣ ወላዲቱ ኣብ ምስራሕን ምሻጥን ቀበዕ ትነጥፍ ምንባራ፣ ሓደ እዋን ብርቱዕ ረስኒ ሓሚሙ ኣቦታ ናብ ሆስፒታል ክትወስዶ ዝመጸኣት ኣንቡላንስ ከም ዝጸረፈን ካልእን ሓበሬታታት ኣዕለለ።

ብድሕሪዚ እቲ ዶክተርን ወለዱን ንኤድዋርዶ ናብ ከተማ ኒውቨርታስ ብምውሳድ ኣብ ጎደናታት'ታ ቅድሚኡ ፍጹም ርእዩዋ ዘይፈልጥ ከተማ ዘወር ክብሉዎ ይጅምሩ። ኤድዋርዶ ድማ ብዙሕ ኸፍሲ ወከፍ ትካል ብዝርዝር ክዕልልን ንገለ ካብ'ቶም ኣብ'ቲ ጎደና ዝረኸቦም ሰባት ብስሞም ክጽውዖምን ይጅምር። ብድሕሪዚ ናብ ቁጽሪ 69 ዝመስለዩኡ መንበሪ ወጢጡ ብምውሳድ "እዚ ገዛና'ዩ" ይብሎም።

ሰድራ ኤድዋርዶ ናብ ከተማ ሃቫና ምስ ተመልሱ፣ እቲ ዶክተር ምስ ሳዕለዋይ ትካል ምርምር ስነ-ሂወት ኩባ ተረዳዲኡ ዓበይቲ ሊቃውንቲ ዘለዎ ጉጅለ ብምቛም፣ እታ ጉጅለ ንኤድዋርዶ ተወሲኺ ሕቶታት ክትሓቶ ጀመረት። ንሱ ድማ ወላዲቱ ኣምባራ፣ ኣብ ምድሪ ባቡር ዝሰርሕ ዝነበረ ወላዲኡ ፔሮ ከም ዝበሃል፣ ቱሎ ዝበሃል ብሓደጋ ባቡር ዝሞተ ከልቢን ሰማያዊት ብሽክሊታን ከም ዝነበሮ፣ መንበሪ'ታ ሰድራን ዝኸደቶም መኻታት ከይተረፈን ብዝርዝር ገለጸሎም።

እቶም ዓበይቲ ሊቃውንቲ ንዝረኸቡዎ ሓበሬታ ኣብ መዝገብ ኣሰፈሩዎ።

ብድሕሪዚ እዛ ናይ ሊቃውንቲ ጉጅለ ምስ'ታ ኣብ ቁጽሪ 69 ትነብር ዝነበረት ኣደ ብስልኪ ተራኺባ። እታ ኣደ ድማ ኑቲ ዝቐረባ ሓበሬታታት ምስ ሰምዐት፣ እቲ ዝሰምዓቶ ብዘይካ ጣኞ ወዳ ካልእ ሰብ ብፍጹም ክፈልጦ ከም ዘይክእል ሓበረቶም።

እታ ጉጅለ ድሕሪ ዝኣከበቶ ሓበሬታ ኣብ መወዳእታ ሓደ ፈተነ ኣዳለወት።

ኤድዋርዶ ናብ ኒውቨርታስ ተወሰደ። ወላዲት ጣኞ ኣምባራ ድማ ኣብ ጎደና ምስ እኩባት ሰባት ደው ከም እትብል ተገብረ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ኤድዋርዶ ንኣምባራ ምስ ርኣየ ብጉያ ናብኣ ብምኻድ "ማማ ኣነ ጣኞ'የ" ብምባል ክትሓቖፎ ኣእዳዉ ለኣኸሉ።

ኣምባራ፣ ሰንበዳ ሃለዋታ ኣጥፊኣ ወደቐት። እቲ ተኣምረኛ ኤድዋርዶ ግና ምስ'ቲ ምስ ኣደኡ ዝነበረ መርሰደስ ብዛዕባ ሕሉፍ ህይወቶም ዕላል ይጅምር። እታ ጉጅለ ስርሓ ቅድሚ ምዛዛማ ንኤድዋርዶ ተወሰኽቲ ፈተናታት ብምኽያድ ምስ ዝተፈላለዩ ኣዝማድን መማህርቲ ጣኞ ዝነበሩን ከም ዝራኸብ ገበረት። መልሲ ናይቶም ምስኡ ዝተራኸቡ ኩሎም ድማ "እዚ ብርግጽ ጣኞ'ዩ" ዝብል ነበረ። ኤድዋርዶ ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ሕሉፍ ህይወቱ ምዕላል ኣየቋረጸን። እንተ'ታ ጉጅለ ሊቃውንቲ ግና ካብ'ዚ ተርእዮ'ዚ ብልክዕ ዝገልጽ መደምደምታ ክትረክብ ኣይከኣለትን።

### እመኑ ኣይትእመኑ

ዓይነት ጺታ ጥንሲ ምፍላጥ ብቐዳሞት ግብጻውያን'ዩ ተጀሚሩ። ንሳቶም እታ ነፍሰጾር ኣብ ክልተ ሹሓኒ ከም እትሸይን ብምግባር፣ ኣብ'ቲ ሓደ ስርናይ ኣብ'ቲ ካልኣይ ድማ ስገም ይገብሩ ነይሮም።

ንሳልሰቲ ድሕሪ ምክትታል ድማ፣ "እቲ ስገም ምስ ዝበቝል ወዲ፣ እቲ ስርናይ ምስ ዝበቁል ድማ ጓል'ያ ክትወልድ" ይብሉ ነይሮም።

እዚ ክሳብ ሕጂ ኣብ ገጠራት ግብጺ ዝዘውተር ዘሎ ልምዲ'ዚ፣ ብተመራመርቲ ኣብ ዝተገብረሉ መጽናዕቲ ቅኑዕ ምንባሩ ተረጋጊጹ'ዩ።

## ህዝብታትን ባህልታቶምን

እንምበር ዓይነት መግቢ፣ ምስ ባህልናን ልምድናን ዓቢ ምትእስሳር ኣለዎ። ስለዚ'ዩ ድማ ኣብ ሓደ ቦታ ከም ኣፈንፋኒ ዝርአ ነገር፣ ኣብ ካልእ ቦታ ተዛራፊ ዓይነት መግቢ ኮይኑ ዝጸንሓና። ንኣብነት፣ ከም ልምድና፣ ደርሆ ምስ እንሓርድ ንመሓወራ ንጉሕፎ ኢና። እቲ ዝበለጸ ዓይነት መረቕ ኣብ ምዕራብ ታይዋን ግና፣ ካብ መሓወር ደርሆ ዝሰራሕ ብምዃኑ፣ ዋጋኡ ካብ ዋጋ ስጋ'ታ ደርሆ ይኸብር። ሳንቡእ ኣብ ጫካታት ኮንጎ ዝበለጸ መግቢ መኣንጉቲ ብምዃኑ ድማ፣ ህዝቢ ሕሩድ ምስ ዝሓርዱ፣ ኑቲ ሳንቡኡ ብምውጻእ ንመራሒ'ታ ቀቢላ ከም ገጸ በረከት ይህቡዎ።

ደቂ-ተባዕትዮ ወዳቢ፣ ኣብ ምምልኻዕ ኣዝዩ'ም'ዮም ዝግደሱ። ፍሩያት ኣዒንትን ጸዓዱ ኣስናንን፣ ቀጢን ኣካላትን እቲ ቀንዲ መግለጺ ጽባቐ ብምዃኑ፣ እቶም ዘይመሰሉ ኣንብዘ ኣብ'ቲ ዓመታዊ ዝካየድ ፌስቲቫል ኣግማል "ጀሮል" ብምስታፍ፣ ንዘለዎም ጽባቐ ብሳዕስዒት ከንጸባርቑ ይጽዕሩ።

ደቂ-ተባዕትዮ፣ ኩሉ ኣገባባት መጸባበቒ ክጥቀሙ እንከለዉ፣ ደቂ-ኣንስትዮ ግና እንትርፎ ገጸን ብማይ ምሕጻብ ካልእ ኣይገብራን'የን።

እተን ዘይመሰላ ጎራዙ ኣብ'ቲ ፌስቲቫል ብምስታፍ፣ ካብ'ቶም ክስዕስዑ ዝምስዩ መንእሰያት ኑቲ ደስ ዝበለን ይመርጻ። ሓንቲ ጎርዞ ኣቐዲማ ዓይና ዘውደቐትሉ መንእሰይ ካልእ ክትወስዶ ኣይትኽእልን'ያ።

ምስ በዓል-ቤታ ምንባር ዝጸልኣትን ዘይወለደትን ወዳቢ፣ ናብ'ቲ ፌስቲቫል ብምኻድ ዝኾና መንእሰይ ትመርጽ። ፍቓደኛ ምስ ዝኾነ ድማ ጨወዩ ብምውሳድ ኣብ በረኻ ይሓብኡ። በዓልቤታ ንዓበይቲ ዓዲ ብምኽሳስ ካሕሳ ይሓትት። ሽዑ፣ ሰድራ እቲ ወድን እታ ጓልን ሓቢሮም ሓደ



ጸዕዳ በጊዕ ከሺኖም ከም ካሕሳ ይህቡዎ'ሞ ንሳ ምስ'ቲ ዝመረጸቶ ትነብር።

ኣብ ጃማይካ፣ ወለዲ ህጻን መዳሕንቱ ብምቕባር፣ ኣብ ልዕሊኡ ብስሙ ገረብ ይተኽሉ። ደሓር ንዝሰዕቡ ዝተፈላለዩ ጽምብላት ናይ'ቲ ህጻን ድማ፣ ኣብኡ ኮይኖም የሕልፉዎ።

ኣብ ብራዚል፣ ዝተገላገለት ነብሰ-ጾር ኣብ ናይ ሳዕሪ ዘንቢል ስም'ቲ ህጻን ዝተጻሕፎም ዝተፈላለዩ ንኣሽቱ ህያባት ብምድላው፣ ኑቶም ክበጽሑዋ ዝመጹ ኣዝማድ ትዕድሎም።

ብዮጌ ሕብሪ ምልክት ኑዊሕ ዕድመን ጺጋን ብምዃኑ ድማ፣ እቲ ህጻን ካብ'ቲ ሆስፒታል ናብ ቤቱ ክምርሕ እንከሎ፣ ብዮጌ ዝሕብሩ ክዳን ተኸዲኑ ይወጽእ። ኣብ ብራዚልን ገለ ሃገራት ኣፍሪቃን እውን፣ እታ ኣደ ንዕሽላ ክትሓጽቦ እንከላ፣ ኑቲ ልብጦ ዝበለ ማይ ኣብ ኣፉ እናኣእተወት፣ ኣብ ልዕሊ ኣካላቱ 'ቡጭ' ብምባል ትሓጽቦ። በዚ ድማ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዘሎ ዝምድና ይተርር።

ኣብ ናይጀርያ፣ ዝተወልደ ህጻን ጓል ምስ እትኸውን ኣብ ሻቡዓይ መዓልታ፣ ወዲ ምስ ዝኸውን ድማ ኣብ ታሽዓይ መዓልቱ ጽምብል ናይ "እንቋዕ ደሓን መጻእካ" ይዳለወሉ።

ዕዱማት፣ ኣብ ወርቃዊ ሕብሪ ዘለዎ ባኮ ኑቲ ህጻን ዝመርጹዎ ስምን ገንዘብን ንወለዱ ከም ህያብ ይህቡ። ኣብ መወዳእታ እቶም ወለዲ በይኖም ምስ ተረፉ፣ ኑቲ ባኮታት ብምኽፋት እቲ ባህ ዝበሎም ስም ይመርጹ። እቲ ዝተወፈየ ገንዘብ ድማ ብስም'ቲ ህጻን ይቕመጥ። ኣብ ትርኢዳድ እውን እቶም ዕዱማት፣ ኑቲ ሓድሽ ህጻን ኣብ ግንባሩ ብምስዓም፣ ከም ምልክት ጽቡቕን ሃብታም መጻኢን ኣብ ኢዱ ገንዘብ የቐምጡሉ።

## ክገርመኩም!

መጸሄት ደይሊ መይል "እቲ ህርኩት ሰራሕተኛ" ብምባል፣ ናይ ሓደ ካብ ቤቱ መዓልታዊ ጋሕጋሕ ምድሪ ብምውጻኡ፣ ንሸሞንተ ሰዓታት ሰሪሑ 500 ዶላር ኣታዊ ዝረክብ ሰራሕተኛ ጽሒፋ። እዚ ሳይሞን ራይት ዝተባህለ ወዲ 52 ዓመት፣ ዓመታዊ 180 ሽሕ ዶላር ኣታዊ ኣለዎ። ብዘይካ'ዚ ድማ ኣብ ሓደ ካብ ዝበለጹ ከባቢታት ሎንዶን፣ 450 ሽሕ ዶላር ዝግመት ወቁብ መንበሪ ገዛ ይውንን።

ሳይሞን ንልመና'ዩ ከም ስራሕ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት ጀሚሩዎ። መሳሪሒታቱ ድማ ብላዩ ክዳንን ሓንቲ "ጠምየ ኣለኹ ገዛ የብለይን" ዝተጻሕፋ ወረቐትን'ዩ። "ሳይሞን ካብ ማእከላይ መትብሮ ዘለዋ ሰድራ ዝተወልደ ኮይኑ፣ ብስሩቀጠበ ናይ ዲግሪ ማዕርግ ዘለዎ'ዩ። እንተ'ኾነ ግን ስራሐ ኣይሓልፈለይን'ዩ ዝብል ሕማቕ ሓሳብ ስለ ዘገሶ ኑቲ ክብረት ዝሁብ ስራሕ ገዲፉ ናብ ልመና ዓለም ተጸምቢሩ" ይብል ጸብጻብ ደይሊ መይል።



ዛንታ ሳይሞን ምስ ተዘርገሐ፣ ብቐጥታ ናብ ቤት ፍርዲ'ዩ ቀሪቡ። ንክልተ ዓመታት ኩይልምንን ሓገዝ ሓትዩም ስሉልባና ክውክሶን ዚ ምስ ዘይገብር ድማ ክሳብ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ማእሰርቲ ኣብ ዝቡ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

"ባዕለይ'የ እንጀራይ ዓጽየ። ፍቓደኛ ክኸውን ኣይከብረንን" ይብል ኑቲ ቃሉ-መጠይቕ ንምኽያድ፣ ካብ'ታ መጽሄት ናይ ሓደ መዓልቲ ኣታዊኡ ዝተኸፍሎ ሳይሞን።

## ሕጊ
## ንስኻትን ዕብየትን

ብሚኒስትሪ ፍትሒ ዝዳሎ ሲቪካዊ ኣስተምህሮ

# ቃልሲ ኣንጻር ብልሽውና

ብልሽውና ዝተፈላለዩ ጠንቅታት ዘለዉዎን ኣብ ዝበዝሕ እዋን ሕልኽላኽ ዝበዝሖን ሓደገኛ ገበናዊ ተግባር እዩ። ኣብ ሳዕቤኑ መጺእካ'ውን ስፊሕን ንኹሉ ኣካል ሕብረተሰብ ድማ ዝትንክፍን ብምዃኑ ኣንጻር ብልሽውና ዝካየድ ጻዕሪ ኩሉ መዳያውን ንኹሉ ድማ ዘሳተፈን ክኸውን ይግባእ። ቃልሲ ኣንጻር ብልሽውና ኣብ ሓደ ዓውዲ ኩናት ብእተመዘግቦ ጸብለልታ ጥራይ ተዓዊቱ ኢልካ ዝዛዘም ኣይኮነን። ቃልሲ ኣንጻር ብልሽውና መስርሕ እዩ። እዚ መስርሕ ብልዑል ንቕሓትን ካብ ተሞክሮ ብዘጥረ ውዱብ ዓቕምን ዝያዳ ውጽኢታዊ ክም ዝኸውን ክኣ ክዝከር ይግባእ።

ንብልሽውና ኣመልኪቶም ኣብዚ ዓምዲ ብተኸታታሊ ኣብ ዝቐረቡ መደባት ትርጉም፡ ዓይነታትን ሳዕቤናትን ብልሽውና ዝምልከቱ ጽሑፋት ቀሪቦም ምንባሮም ይዝከር። ከም መቐጸልታ ናይዞም ኣብዚ ኣርእስቲ ብተኸታታሊ ዝቐርቡ ዘለዉ ጽሑፋት፡ ንሎሚ ንብልሽውና ኣብ ምቕላስ ክውሰዱ ኣብ ዝግብኦም ስጉምትታት ዘተኮረ ጽሑፍ ቀሪብና ኣለና። ሰናይ ንባብ።

ኣንጻር ብልሽውና ዝካየድ ቃልሲ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት (መስርሓት) ይግለጽ። ገለ ካብኦም ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቦም ኣለዉ፦

1. ኣንጻር ብልሽውና ዝግበር ቃልሲ ብልሽውና ከቢድ ሳዕቤን ዘለዎን ብኣግኡ ድማ ክእለ ዝግባእ ጸገም ምዃኑን ኣርጊጽካ ብእማንን ምቕባልን ይጅምር። ከምዚ ዝበለ ቅሩብነት ብምሉእነት ድሕሪ ምዕጣቕ ኣብ ምክልኻል ብልሽውና ዘተኩረ ንጹር ፖሊሲ ሓንጺጽካ ንተግባራውነቱ ብዐቕዓት ምቕላስ ይከኣል። ኣብ ትሕቲ እዚ ሓሳብ ኣቐድም ኣቢሎም ኣብ ዝቐረቡ ጽሑፋት ከም ዝተገለጸ፡ ሳዕቤናት ብልሽውና ሸለል ኢልካ ዝሕለፉ ብዘይምዃኖም "ባዶ ተጻዋርነት ንብልሽውና" ዝመሰረቱ ንጹር ፖሊሲ ኣንጻር ብልሽውና ብምሕንጻጽ ብዘይምቁራጽ ኣበርቲዕካ ምጽዓትን ንተግባራውነቱ ከኣ ብደቂቕ ምክትታልን የድሊ። ብልሽውና ንሓንቲ ሃገር ወይ ንዝተወሰነ ክፋል ናይ ዓለምና ጥራይ ዝምልከት ጸገም ኣይኮነን። መጠኑን ዓይነቱን ዝፈላለ እኳ እንተኾነ፡ ብልሽውና ንኹሉ ዝጸሉ ኣድማሳዊ ጸገም እዩ። ኣብ ምክልኻሉን ምቅላሱን ድማ ንኹሉ ዘሳተፈ ወሃድ ጻዕሪ ይሓትት።

2. ግሉጽን ተሓታትነት ዘለዎን ስርዓት ምሕደራ ምፍጣርን ብቐጻሊ ምሕያሉን ኣብ ምክልኻል ብልሽውና ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ። ብልሽውና ኣብ ኩሉ ከይሰሰነ ካብ ሱሩ ንምምሓው፡ ኣብ ትካላዊ ኣሰራርሓ ዘተኮረ ምእኩልን ኣድማዕን ስጉምቲ ምውሳድ የድሊ። ብተወሳኺ ምስ ምሕደራ ብሓፈሻ ዝተሓሓዙ ኣገደስቲ ስጉምትታት ብኣግኡ ምውሳድ ንብድሆ ቃልሲ ኣንጻር ብልሽውና ብተዛማዲ ዝቐለለ ይገብሩ። ገለ ካብቶም ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፣ ብዙሕ ኣገዳስነት ዘይብሎም ምምሕዳራዊ ቀይድታት ምውጋድ፡ ግቡእ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ዘውሕስ ኣሰራርሓ ምትእትታው፡ ኩሉ ዝፈልጦን ግቡእ ጸብጻብ ከኣ ዝቐርበሉን ግሉጽ ኣሰራርሓ ምፍጣር፡ ስርዓት ቁጽጽር ምዕባይ፡ በዳሊ ብጉድለቱ ዝሕተተሉን ግቡእ ስጉምቲ ከኣ ዘውሰደሉን ኣሰራርሓ ከም ዝህሉ ምግባር፡ ውጽኢት ገበናዊ መርመራን ስዒቡ ዘወሃብ ፍርድን ብወግዒ ንህዝቢ ምሕባር፡ ብሓፈሻ ንብልሽውና ዝቃወምን ሰናይ ምሕደራ ዘተባብዕን ኣሰራርሓታት ምትእትታው የድሊ።

3. ቁጽጽር ኣገዳሲ ዓንዲ ሰናይ ምምሕዳር እዩ። ገለ ሃገራት ብልሽውናን ምስኡ ተዛሚዶም ዝኽሰቱ ገበናትን ብፍላይ ዝከታተልን ዝቆጻጸርን ፍሉይ ኣካል ብምቛም ቃልሰን ኣንጻር ብልሽውና የካይዳ። ዝተረፋ ሃገራት ከኣ ከም ኩሉ ካልእ ገበን ዕማም ምክልኻል ብልሽውና ብቐንዱ ኣብ ጽላት ምሕደራ ፍትሒ ብዝርከቡ ኣካላትን ትካላትን ይሰላሰል። ብትካላት ኦዲት ዝግበር ኣብ ኣጠቓቕማ ጸጋታት፡ ስልጣንካ ብግቡእ ምጥቃም፡ ኣተሓሕዛ ንብረት ወዘተ ዘተኮረ ቁጽጽር ሓደ ካብ ኣገደስቲ ኣገባባት ቃልሲ ኣንጻር ብልሽውና እዩ።

4. ኣካላት መንግስቲ ብሓፈሻ፣ ኣብ ጽላት ምሕደራ ፍትሒ ዝርከባ ትካላት ድማ ብፍላይ ኩሉ መዳያዊ ዓቕመን ምሕያል (ኣገደስቲ ሓበሬታ ዝረኽቡሉ፣ ነቲ ሓበሬታ ብዝግባእ ዘመስርሑሉ፣ ቀጻሊ ምክትታልን ኣድማዕቲ መርመራታትን ዝካየዱሉ፣ ውጽኢታውያን ናይ ምክልኻል ስርሓት ዘካይዱሉ ሰብኣዊ፣ ናይ ቴክኖሎጅን ካልእ ንዋታውን ዓቕሞም ከም ዘሐይሉ ምግባር) "ውሕጅ ከይመጸ መገዲ ውሕጅ ጽረግ" ከም ዝበሃል ኣንጻር ብልሽውና ዝካየድ ቃልሲ ብቐንዱ ኣብ ምክልኻል ብልሽውና ዘተኮረ ክኸውን ይግባእ። ከምዚ ዝበለ ስትራተጂ ሰፋሕቲ መጽናዕትታት ምክያድ፣ ልዑል ጥንቃቐን ወጻኢታትን ዝሓትት እኳ እንተኾነ፡ ገበናት ብልሽውና ሳዕሪሮም ልዕሊ ቁጽጽር ምስኮኑ ጉዳያት ንምጽራይ፣ ንጥርጡራት ተኸታቲልካ ንምሓዝ፣ መስርሕ ፍርዲ ምክያድን ውጽኢት ገበን ንዝኾነ ሃብቲ ገበነኛታት ምሓዝ ኣህላኺ፣ ብዙሕ ግዜ ዝወስድን ዝያዳ ወጻኢታት ዝሓትትን ዝኸበደን ብድሆ ምዃኑ ክዝከር ይግባእ።

5. ንጹር፣ ንኩነታትካ ዘንጸባርቕን ተግባራውን ስርዓት-ሕጊ ኣንጻር ብልሽውና ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ። ብመሰረቱ ብልሽውና ዝበሃል ከመይ ዝበለ ጉድለት ባህሪ ምዃኑ፣ ብብልሽውና ገበነኛ ኮይኑ ዝተረኽበ ሰብ ዝስዕቦ መቕጻዕቲ ወዘተ ኣቐዲሞም ኣብ ሕጊ እዮም ዝሰፍሩ። ኣብ ርእሲ እዚ መስርሕ ምርምራ፡ ክሲ፡ ፍርዲ፡ መቕጻዕቲ፡ ምህጋር ውጽኢት ገበን ዝኾነ ንብረት ቡዳሊ ወዘተ ኣብ ሕጊ ንዝሰፈሩ ኣገባባትን ስርዓታትን ተኸቲሉ እዩ ዝካየድ። ስለዚ ኣብ ሃገር ዝረኣዩ ዓይነታት ብልሽውና ብዝግባእ ብምልላይ፡ ነዞም ጉድለታት ዝእርም ተመጣጣኒ መቕጻዕቲ ኣብ ሕጊ ከም ዝሰፍር ብምግባር፡ ቡዳሊ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታዉ ጥራይ ዘይኮነስ ብብልሽውና ዝረኸቦም ረብሓታት ብምሉኦም ሓደ ብሓደ ተለልዮም ብሕጊ ናብ ዋናኡ ከም ዝምለሱ ምግባር ከድሊ እዩ። ስለዚ ንሕግታት ቀጻሊ ብምፍታሽ ምስ ኩነታት ተዛሚዱ ምእራም ኣብ ዘድልየሉ እዋን ከኣ ብቕልጡፍ ከም ዝእረሙ ብምግባር ኣንጻር ብልሽውና ኣብ ዝካየድ ጥምጥም ኣማእዛኒ ተራ ከም ዝህልዎም ክግበር ይግባእ። ብተመሳሳሊ ስርዓት ንግድ፡ ኣገባብ ኣተዓዳድላ ፍቓድ ንግድ፡ ስርዓት ምቁጻርን ዕብየትን ሰራሕተኛታት፡ ምምቕራሕ ካልኦት ዕድላት ወዘተ ኣብ ሕጊ ጥራይ እምበር ኣብ ድልየት ውልቀ-ሰባት መሰረት ዝገበረ ክኸውን ኣይግባእን።

6. ሓደ ካብ ኣሉታዊ መለለዪታት ብልሽውና፡ ብኣጋኡ ስጉምቲ እንተ ዘይተወሰዶ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ሱር ሰዲዱ ናብ ኩሉ ዝላባዕ ምዃኑ እዩ። ቅልጡፍ ስጉምቲ ምስ ዘይውሰድ ሳዕቤኑ ዝኸፍአን፡ ዘይሕጋዊ ኣሰራርሓታት ከም ቅቡል ተወሲዶም ናብ ንብር ንምምላስ ኣብ ዘይከኣለሉ ደረጃ ክበጽሕ ይከኣል። ብተወሳኺ ቃልሲ ኣንጻር ብልሽውና ኣብ ሓደ እዋን ብዕቱብ ኣብ ካልእ እዋን ድማ ከምሻሙ እናገበርካ ዝካየድ ኣይኮነን። ንኻልኢትውን እንተኾነ ሰለም ከየበልካ ብንቕሓት ምክትታልን፡ ንዘጋጥሙ ተርእዮታት (ዓቢ ይኹን ንእሽቶ) ኣብ እዋኑ ኣድማዒ ስጉምቲ ምውሳድ ይሓትት። ኣብ ብልሽውና ኢድ ናይቶም ኣብ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንዘጦጥፋ ጥርኑፍ ጉጅለታት ምስ ዝህሉ፡ ሳዕቤን ብልሽውና ዝኸፍአ ይኸውን። ብደረጃ ሃገር ጥራይ ዘይኮነስ ብኸባቢያዊ ወይውን ኣህጉራዊ ጽፍሒ ከም ምሕጻብ ገንዘብ (money laundering)፡ ምስግጋር ዕጸ-ፋርስ፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ-ሰባት፡ መሸጣ ኣካላት ወዲሰብ፡ ኮንትሮባንድ፡ ግብረ ሽበራ ወዘተ ገለ ካብቶም ብጥርኑፋት ጉጅለታት ዝፍጸሙ ገበናት እዮም። ተግባራት ናይዞም ጉጅለታት ገበን ኩሉ እዋን ሕጋዊ ስለ ዘይኮነ ዳርጋ ኩሉ ምንቅስቓሳቶም ኣብ ብልሽውና ዝተሰረተ እዩ።

7. ትሑት ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገርን ሕብረተሰብን ሓደ ካብቶም ንብልሽውና ዘተባብዑ ረጃሒቲ እዩ። ከምዚ ክንብል ከሎና፡ ኣብ ድኽነት ጭውነት የለን - ኣብ ብልጽግና ድማ ብልሽውና የለን ማለትና ኣይኮነን። ስእነት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዘለዎ ከባቢ ዝነብር ሕብረተሰብ መሰረታዊ ድልየታቱ ንምምላእ ኣብ ዝጉብሮ ጻዕሪ ግዳይ ተበለጽቲ ይኸውን፡ ብዘይድላዩ ከም ብልሽውና ኣብ ዝበሉ ጉድለታት ክኣ ይዋሳእ ማለት እዩ። ቁጠባዊ ዕብየት ዝበል ኣምር ብዝተፈላለዩ መሓበሪታት ይግለጽ። ብኣሃዛት ጥራይ ዝግለጽ ቁጠባዊ ዕብየት ኣብ ባይታ ንዘሎ ስእሊ ብዝግባእ ስለ ዘየንጸባርቕን ውሕስነት ድማ ስለ ዘይህልዎን ቁጠባዊ ዕብየት ብምርግጋጽ ንብልሽውና ኣብ ምቕላስ ዕዉት ክኸውን ኣይክእልን። ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገርን ህዝብን ምዕባይ ክበሃል ከሎ ብዝያዳ ዜጋታት ብጸጋታት ሃገር ብማዕርነት ናይ ምጥቃም መሰሎም ብግብሪ ኣብ ምርግጋጽ ኩተኩር ይግባእ።

8. ቀጻሊ ጎስጓሳት ኣብ ህዝቢ ብሓፈሻ ምክያድ፡ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ወፍሪ ኣንጻር ብልሽውና ምዕባይ ናይ ህዝቢ ኣፍልጦ ብዛዕባ ብልሽውናን ሳዕቤናቱን ኮይኑ፡ ብልሽውና ንምክልኻልን ብልሽውና ዝኾትሎ ድኹም ኣካይዳ ንምእራምን ዓቢ ተራ ይጻወት። ኣንጻር ብልሽውና ዝግበር ቃልሲ ዕዉት ኮይኑ ዝወጽእ ንኹሎም ኣካላት ዘሳተፈ ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ምስ ዝካየድ እዩ። እዚ ዕማም ንመንግስቲ ወይ ንዝተወሰኑ ኣካላትን ትካላትን ጥራይ ዝግደፍ ኣይኮነን። ሕብረተሰብ ንብልሽውና ክጸየፍ፣ ካብ ህዝቢ ዝኸወል ዝኾነ ተግባር ስለ ዘየሎ ድማ ተርእዮታት ኣብ ዘጋጥሙሉ እዋን ዝኾነ ውልቀ-ዜጋ ቅልጡፍን ቀሊልን ብዝኾነ መንገዲ ንዝምልከቶ ኣካል ሓበሬታ ዘመሓላልፈሉ ኣገባብ ምፍጣር የድሊ። ንጠንቅታትን ሳዕቤናትን ብልሽውና ዝገልጹ ህዝቢ ብቐሊሉ ክርድኦም ዝኽእል መደባት ብዝርኣን ዝሰማዕን ኣገባባት ብቐጻሊ ክቐርቡ ይግባእ። ምስ ጎስጓሳት ተዛሚዱ ዝረአ ካልእ ነጥቢ ብብደረጃኡ ንትርጉም፡ ጠንቅታት፡ ሳዕቤናትን ሕጋዊ ስጉምትታትን ብልሽውና ዝምልከቱ ኣርእስትታት ውሁድ ካሪኩለም ወጺኡሎም ኣካል ስሩዕ መደባት ኣብያተ ትምህርቲ ክኾኑ ይግባእ። ከምዚ ብምግባር ተረካቢት ሃገር ዝኾኑ ህጻናትን መንእሰያትን ካብ ንኡስ ዕድመኦም ኣትሒዞም ከም ብልሽውና ካብ ዝበሉ ጎዳእቲ ባህርያት ንኽርሕቁን፡ ሃጸቲ ባህርያትን ልማዳትን ከጥርዩን ክኹስኩሱን ይሕግዝ።

**መደምደምታ**

ተደጋጊሙ ከም ዝግለጽ፡ ብልሽውና ኣብ ልዕሊ ሃገር፡ ሕብረተሰብን ውልቀ-ዜጋታትን ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ሳዕቤናት የኽትል። ስለዝኾነ ኣንጻር ብልሽውና ዝካየድ ቃልሲ ይጽንሓለይ ዘይብሃሎ ወሀድን ቀጻልነት ዘለዎን ጻዕሪ ይሓትት። ቃልሲ ኣንጻር ብልሽውና ዕማም ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ኮይኑ፡ መንግስቲ ንቃልሲ ኣንጻር ብልሽውና ንዐውቱ ንዝሓንጸጾም ንጹር ፖሊሲ ተኸቲሎም ብዝወጹ ናይ ትግባረ ስትራተጂታት ብዕቱብ ተኸታቲልካ ብምትግባር ኣብ ዓወት ከም ዝበጽሕ ክዝከር ይግባእ።



ኣከባቢ







ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ደረጃ ኣከባቢያዊ ብከላን ሳዕቤናቱን

ብከላ ኣየር፡ ካብ'ቶም ንዓለም ዘሻቕሉ ዘለዉ ጉዳያት ሓደ እዩ። ሳዕቤናት ብከላ ኣየር ንምንካይ ዝወሰዱ ስጉምትታት ዝያዳ ንኽሕይሉ ድማ፡ ግዱሳት ናይ'ዚ ክስተት ከቢድ ጻዕሪ ኣብ ምግባር ይርከቡ።

ኣብ ብከላ ኣየር ምስ እንመጽእ፡ እቶም ኣየር ንኽብከል ቀንዲ ጠንቂ ዝኾኑ ጋዛት፡ ከም ካርቦንዳይኦክሳይድ፡ ካርቦንሞኖክሳይድ፡ ናይትሮጂን ኦክሳይድ፡ ሳልፈርዳይኦክሳይድ፡ ሚቴን፡ ንጣር ናይ ነገራት፡ ኦዞን፡ ክሎሮፍሎሮካርቦንስ . . . ክኾኑ ከለዉ፡ምንጪ ወሰጠ ቤታዊ ብከላ ኣየር፡ ንመብሰሊ መግቢ መብራህትን ተባሂሉ ካብ ዝነድድ ኩዕ፡ ዕንጨይቲ፡ ሕርሻዊ ገፊ ጥ መፈጥን ይፍጠር። ኣብ ሃገርና ብጠቕላላ ዓመታዊ ኣሰታት ሓደ ሚልዮን ቶን ዕንጨይቲ ይሃልኽ። ልዕሊ 3 ቢልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም ንምድላው መግቢ መውዓይን ደረቕ ነዳድን ክፉት ቃልጸሎን ይጥቀም።

ካብ'ቶም ከም ግዱማዊ ጠንቂ ዝወሰዱን ብከላ ዘስዕቡን ጠንቅታት ሓደ ዝኾነ መስርሕ ምምንጫው ኤለክትሪካዊ ጸዓት፡ ብደረጃ ዓለም፡ 25% ካብ ብከላ ኣየር ይፈጥር። ኣብ ክፉት ምቅጻል ምስ እንመጽእ ድማ፡ 86% ካብ ሃገራት ዓለም፡ ክፉት ምቅጻል (open burning) ሕርሻውን ዘቤታውን ጉሓፋት የዘውትራ። ንኣብነት፡ ምቅጻል ንሕርሻ ተባሂሉ ዝቖጥቍጥ ኣግራብ፡ ብከላ ከቢቢያዊ ኣየር የኸትል፣ እዚ ጥራይ ዘይኮነ እውን፡ ኣግራብ ብምቍጥቋጥ ትሕዝቶ መሬት ክስሓ ወይ ድማ ክጠፍእ ከሎ፡ ብኡ መጠን በልዒ ጋዛት ናይ ምምጻይ ዓቕሚ ይጎድል ወይ ድማ ይጠፍእ። ፍርያምነት ሓመድ ስለ ዝንኪ ድማ እቶት ይጎድል።

ባርዕ ጫካ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣከባቢያዊ ኣየር ኣብ ምብካል ቀሊል ዘይኮነ እጃም ዘለዎ እዩ። ባርዕ ጫካ ብሸለልትነት ሰባትን ብባህርን ዝኽሰት ኮይኑ፡ ኣብ ሓደ እዋን ሰፊሕ ሽፋነ ኣግራብ ብምብራስ ብከላ ኣየር የኸትል። ኣብ ርእሲ'ቲ ዝፈጥሮ ብከላ ኣየር እውን፡ ህይወታዊ ብዙሕነት ብምብራሱ፡ ጠንቂ ዘይውዱን ኣዕበራ ህይወታውያን ይኸውን። ፍግረ-መሬት ብምስዓብ ፍርያምነት መሬት ከም ዝንቀልቀል ይገብር። ድምር ናይ'ቲ ተሰዓዓቢ ኣሉታዊ ሳዕቤናት፡ ብዓቢኡ ማሕበራዊ ቍጠባዊ ክሳራ ብምኽታሉ፡ መትከበሮ ዜጋታታት ይደቅሱ።

ጽዓት መጓዓዝያ ዓለምና፡ ካብ'ቶም ንብከላ ኣየር ጠንቂ ዝኾኑን ዘጋድዱን ተርእዮታት ካብ ዝኾኑን መዋእላት ተቖጺሩ ይርከብ። መጓዓዝያ፡ ብፍላይ ኣብ ምግዕዛዝ ሰብን ንብረትን ጻዕሪ ወዲ-ሰብ ኣቃሊሉ እንተ ኾነ፡ ብኡ መጠን ድማ ኣብ ምብካል ኣየር ቀሊል ዘይበሃል ግደ ሒዙ ኣሎ። መጻጓዕትታት ከም ዝሕብሩዎ፡ ብደረጃ ዓለም 14% ካብ ብከላ ኣየር፡ ካብ ጽዓት መጓዓዝያ ዝምንጩ እዩ። ምስ እርጋን ተሽከርከርቲ፡ ዋሕዲ ክንክንን ዓይነት ትሕተ ቅርጽን ድማ እቲ ብሰሪ መጓዓዝያ ዝስዕብ ብከላ ዝያዳ ይብእሱ።

ዓለምና ብቴክኖሎጂ ኣብ ትውንጨፈሉ ዘላ እዋን፡ ዝርገሐን ዓይነትን ኢንዱስትሪታት እናዓበየ ክኸይድ እዩ ተራእዩ። ሓያሳቲ ምህዞታትን ዝተራቐቑ ኢንዱስትሪታትን ቡቦዝሒኡ ኣብ ስራሕ ካብ ምውዓል ኣየቋረጹን። ምብርካት ኢንዱስትሪ፡ ምዕባይ ናይ'ቶም ካብ ኢንዱስትሪታት ዝፈጸጉ በልዕቲ ጋዛት ኣኸቲሉ። ብደረጃ ዓለም እንክረኣ፡ 21% በልዕቲ ጋዛት ካብ ጽዓት ኢንዱስትሪ ይትፍኣ።

ብዙሓት ኣብ ሃገርና ካብ ዘለዋ ኢዱስትሪታት፡ ሕሙት፡ ፈርነስ፡ ዘገልገለ ዘይቲ ሞተረ፡ ዕንጸይቲ፡ ገፈጥ-መፈጥ (ጉሜ፡ ዓጽሙ-መጻሚ) ኣጭርቕትን ካልእ ሓደገኛ ጉሓፍ ከም ምንጪ ጸዓት ይጥቀማ እየን። እተን ሕጂ ኣብ ሃገርና ዘለዋ ዝርካበን ትካላት ወይ ኢንዱስትሪታት ዝኣርጋ ብምዃነን ድማ፡ ንዝያዳ ነጸገ ብከላ ኣየር ዝተቓልዓ እየን።

ከም ህቡብላዊ ማዕበል፡ ንፋሰን እሳተ-ጎመራን ካልኦትን፡ ከበድቲ ሓጻውን (Heavy metals) (ባዚቃ፡ ዓረር. . .)፡ ንጣር ነገራት (particulate matter)፡ ዲን (sulfure)፡ ክሎሪን ዝኣመሰሉ ባእታታት፡ ኣብ ኣከባቢ ብከላ የስዕቡ። እዚኦቶም ምቍጽጻሮም ከቢድን፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ሰፊ ዘይብሉ ጥዕናዊ፡ ኣከባቢያውን ማሕበረ-ቁጠባውን ፅንወት ዘስዕቡን እዮም። ተወሳኺ ባርዕ ብምፍጣር እውን፡ ብከላ ኣየርን ፅንወት ህይወታዊ ብዙሕነትን የስዕቡ።

ብከላ ኣየር ኣብ ጥዕና ሂወታውያን ዘስዕቦ ጸገም ሰፊ ዘይብልን በብእዋኑ ድማ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎን ብምዃኑ፡ ንህዝቢ ዓለምና ኣመና ኣብ ዘሰክእ ደረጃ በጺሑ ይርከብ። ክሳብ ሕጂ ኣውሪዱዎ ዘሎ ፅንወት እውን ኣመና ከቢድ እዩ። ኣብ'ተን ትሑታትን ማእከላይን እቶት ዘለወን ሃገራት፡ ዓመታዊ ብጠቕላላ 4.3 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ'ዚ ይሞቱ። ካብ'ዚኣቶም እቶም 800 ሽሕ ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ዝርከቡዎም 2 ሚልዮን ሰባት፡ ብሰንኪ ረኽሲ ስርዓተ ምስትንፋስ ይሞቱ።

ካብ ተሽከርከርቲ ዝንጸግ በካሊ ጋዛት ቡቦዝሒኡ እናዓበየ ምምጽኡ መጻናዕትታት ዝሕብሩ ክኾኑ ከለዉ፡ 80% ናይ ሳንቡእ ካንሰር፡ ጠንቁ እቲ ካብ ተሽከርከርቲ ዝወጽእ በካሊ ጋዝ እዩ። ብሰንኪ ግዱማዊ ብከላ ኣየር ድማ፡ ኣብ ዓለም፡ ዓመታዊ ኣሰታት 3.7 ሚልዮን ሰባት ይሞቱ።

ብከላ ኣየር፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ሂወታውያን ዘውርዶ ኣሉታዊ ሳዕቤናት፡ ንብርድ መስርሕ ክሊማ ብምዝባዕ ንተወሳኺ ፅንወትን ጸገምን የቃልዕ። ክሳብ ሕጂ ኣብ ዓለምና ብዘተራእየ ብከላ ኣየር፡ ዓለማዊ ምቕት ካብ መፋርቕ 19 ክ/ዘ ክሳብ ሕጂ ብጠቕላላ ብ0.87 ዲ.ሴ.ግ ወሲኹ፡ ምዝንባል መጠን ዝርገሐን ወቕትን ዝናብ፡ ደርቂ፡ ምድካይ መሬት ምንቅልቓል እቶት ሕርሻን ባሕርን፡ ምስፍሕፋሕ ተላባዕቲ ሕማማትን ባልዓትን. . . እናገደዱ ዝኸዱ ዘለዉ ዘይቅዱዋት ኣከባቢያዊ ተርእዮ እዮም። ብምምሳኽ ኩምራታት በረድ፡ ብራኸ ጸፍሒ ባሕሪ ካብ'ቲ ኣብ 1880 ዓ.ም ዝነበረ ብ21 ሲ.ሜ ወሲኹ። ከም ሳዕቤን ምውሳኽ ጸፍሒ ባሕሪ ድማ፡ ኣብ ትሑት ብራኸ ዝርከባ ደሴታትን ገማግምን ሓደጋ ዕልቕልቓን ምጥሓልን የጋጥመን ኣሎ። ከም ኣብነት ደሴታት ሰሺይልስ፡ ሰለሞንስ ኪሪባቲ፡ ማልዲቭስን ካልኦትን ምጥቃስ ይከኣል።

ብከላን እቲ ብሰንኩ ዝስዓብ ምቅይያር ኩነታት ኣየርን ኣብ ልዕሊ ሂወታዊ ብዙሕነት ብዘኸተሎ ጸገም፡ ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ 8 ሚልዮን ጅራት (Species) ሂወታውያን፡ 1 ሚልዮን ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልዩዎም ኣሎ።

ኣብ ማሕበረ-ቁጠባ፡ ቀድሚ ሕጂ ተራእዩም ዘይፈልጡ ብድሆታት ኣንቢሩ ይርከብ። ኣብ ዓለም ብዙሓ ሰደተኛታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ክኸይድ ከም ዝጸንሐ ግሁድ ኮይኑ፡ ኣብ ዝመጽእ 40 ዓመታት፡ ብጽልዋታት ብከላ ቁጽሪ ሰደተኛታት ካብ 25 ሚልዮን ናብ 1 ቢልዮን ክብ ክብል ከም ዝኽእል እዩ ዝግመት ዘሎ።

ሎሚ ኣብ ኣከባቢ ብዘፍጠር ዘሎ ሓደገኛ ተርእዮታት፡ ዋላ'ኳ እኹል እንተ ዘይኮነ፡ ኣከባቢ ንምሕዋይ ዝግበር ወፍሪ በብእዋኑ እናዓበየ ክመጽእ እዩ ጸኒሑ። ብርሰት ኣከባቢ ናብ ንቡር ንምምላስ ብዘካለመ ወፍሪ ድማ፡ ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ ኣሰታት 5 ትሪልዮን ዶላር ኣመሪካ ይጠፍእ። እንተ ኾነ ግን፡ ዓመታዊ ናይ ሚልዮናት ዕድላት ስራሕ ይቐጽሩ፡ ልዕሊ ፍርቂ ህዝቢ ዓለም ካብ ዝነብረለን ከተማታት፡ እተን 88% መማዛረታት ብቐዓት ንጹህ ኣየር ውድብ ጥዕና ዓለም ኣየማልኣን። ዝወሰዱ ተበግሶታትን ዝስለጡ ዕማማትን ብዘየገድስ ግን፡ እቲ ሸግር ገና ኣሲጋኢ ካብ ምዃን ኣይተዓገተን።

እዚ ካብ ኮነ ኣብ ሃገርና'ዚ ኣሰካፊ ወይ ኣሲጋኢ ተርእዮ ንምብዳህ ክወሰዱ ዝግበኦም ስጉምትታት ኣበየናይ ደረጃ ኣለዉ? ካብ'ቶም ብዓቕሚ ሃገርና ዝተወሰዱን ኣብ መስርሕ ዝርከቡን ስጉምትታት እቲ ቀዳማይ እምበኣር፡ ንቕሓትን ተሳትፎን ህዝቢ ንምብራኽ ጸዑቕ ኀስጓስ ምግባር እዩ። ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምሕላው ውሑስ ኣከባቢ ተወሳኺን ዘየቋርጽን ስራሕ ዝሓትት ብምዃኑ ድማ - ብቐጻልነ ብዕቱብን ዝስራሓሉ እዩ።

ንምሕደራ ኣከባቢ ከገልግሉ ወጺኦም ዘለዉ ኣዋጃት፡ ሕጋጋትን መምርሒታትን፡ ማለት፡ ኣዋጅ መርሓ ምክልኻል፡ ምሕድራን ፍወሳን ኣከባቢ ኤርትራ፣ ኣገባብትን መምርሒታት ዳህሳስ ኣከባቢያዊ ጽልዋ፣ ኣዋጅ ምሕደራ ማይ፣ ሕጋጋት ምሕደራ ፈሳታል፣ ሕጋጋት ውሑስ ምሕደራ ጸረ-ባልዕ፣ ኣዋጅ ዕቃብን ልምዓትን ዱርን እንስሳ ዘገዳምን፣ ሕጋዊ ምልክታ ምሕዳራ ቀጻላ ኣዞን ዝነድኡ ጋዛት፣ ኣዋጅ ምሕደራ መሬት ምስ ሕጋዊ ምልክታኡ፣ ኣብ ግብሪ ንኽውዕሉ ዕቱብ ምክትታልን ምቁጽጻርን ዝደልዩ እዮም።

ብደረጃ ዓለም ሽፋነ ተተካኢ ጸዓት ልዕሊ 20% በጺሑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣብ ሃገርና ድማ መጠን ተጠቃምነት ጸሓያዊ ጸዓት ናብ ኣሰታት 20MW ክብ ኢሉ። ስለ'ዚ፡ እዚ ጀሚሩ ዘሎ ተጠቃምነት ጸዓት ቀጠብቲ መሳርሒታት ንኽስፋሕ ጻዕሪ ምግባር የድሊ። ኣብ ሃገርና ዝርገሐ ጸዓት ቆጣቢት እቶን ኣሰታት 408,640 በጺሑ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ወሽጠ ቤታዊ ብከላ ኣየር ይንኪ፣ ጥዕና ሰድራቤት ብፍላይ ኣደን ህጻንን የመሓይሽ፣ ሃልኪ ጸዓት ብመንጸር ልምዳዊ እቶን ብ30% የጉድል።


ብደረጃ ሃገር ኣሰታት 313,107 ሄክታር ቦታታት ተሓዚኡ፣ ኣሰታት 101,577 ሄክታር ዝኾውን ቦታታት ተገሪቡ፣ 183,512 ሄክታር ዝኣክል ቅናትውን መትረባውን ዛላን ከትርን ተሰሪሑ ኣሎ። ኣከባቢ ንምሕዋይ ኣብ ሃገርና ዝግበር ዘሎ ወፍሪ፡ ዋላ'ኳ ንኣሰ ክመስል እንተ ኾነ፡ ንሓዋሩ መንጸፍ ዘንበረን ንዘቕጽሉ ንጥፈታት ምሕዋይ ኣከባቢ ዝደፋእን ከም ዝኾውን ኣየጠራጥርን።

ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣከባቢ ናይ ምሕዋይ ስራሓት፡ ከባቢያዊ ኣየር ካብ በልዕቲ ጋዛት ኣብ ምንጻህ፡ ክሊማ ኣብ ምርግጋእ፡ ማይን ሓመድን ኣብ ምዕቃብን ፍርያምነት ሓመድ ኣብ ምህብታምን እንስሳ ዘገዳም ኣብ ምስሳን. . . ዓቢ ረብሓ ክህልዎ'ዩ።

ብደረጃ ሃገር ንብከላ ኣየር ብዝምልከት ኣብ ዝተገብሩ ዝተፈላለዩ ኣፈናዊ መጽናዕትታት፡ ኣብ ሃገርና ዓይነትን መጠንን ካብ ተሽከርከርቲ ዝወጽኡ ጋዛት ንምፍላጥ፡ ኣብ 2885 መካይን መርመራ ተገይሩ ነይሩ። ካብ'ዚኣተን 34.6% ቅቡል ደረጃ መለከዒ (emission standard) ኣየማልኣን። ኣብ ሃገርና ካብ ዘለዋ ተሽከርከርቲ (ማካይን) ድማ ዓመታዊ ውሑድ ዘይኮነ መጠን በካሊ ጋዛት ናብ ኣየር ከም ዝፍኖ ይግመት። ስለ'ዚ ድማ ብዓቕምና ክንገብሮ ዝኾኣል ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ክንወስድ ኣብ ዝድለየሉ እዋን ኢና ዘለና። ብከላ ኣየር ምክልኻል፡ ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብምዃኑ፡ ነብሲ-ወከፍ ሰብ እጃሙ ከንብር ሕልናዊን ሕጋውን ሓላፍነት ኣለዎ።

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን





# ቀንስትዮ

ነፃት ኣድም

## ኣይንቋርጽ ደኣ . . .



ደቂሰብ ከም መልክዕና ባህሪና ዝተፈላለየ እዩ። ክልተ ሰባት ወላ ደኣ ኣብ ሓደ ቦታ ኩይኖም ናብ ሓደ ነገር ደው ኢሎም ይተዓዘቡ'ምበር፡ ትዕዝብቲታቶም ናይ ግድን'ዩ ዝፈላለ። ባህሪ ዝኣደለና ፍልልይ እዩ። ፍልልያትና ግን ባህርያዊ ጥራይ ኣይኮነን። ምስ ተወለድና ካብ ኣከባቢና፡ ተሞኩሮና ድሕረ ብይታናን ዝፈጥሩዎም ፍልልያት'ውን ኣለዉና። ገሌና ንጡፋት፡ ገሌና ልኡማት። ገሌና ንጡፋት፡ ገሌና ከኣ ዝሑላት። ንገሌና ነገራት ንምጅማርም ዓቕብ ይኸውና፡ ንገሌና ከኣ ንዝጀመርናዮም ነገራት ንምቕጻል ዓቕምን ዓቕልን ይዋሓደና። ንኹሉ ነገር ንለሚ ኣወዛዚፍና'ምበር፡ ንለሚ ንዝጀመርናዮ ነገር ከይቋረጽ ከምዝይብልና ከዕልል ኢና።

ምኽንያቱ ብዘየገድስ፡ ኑቲ ጉዕዞ ይኹን ስራሕ ደሮ ጀሚርናዮ ስለ ዘለና፡ ፍጹም ከቋርጾ የብልናን። ኣብ ፍርቂ በጺሕና ምቁራጽ ጸቡቕ ኣይኮነን። ረብሓ የብሉን ጥራይ ዘይኮነስ ክሰራ'ውን እዩ። ኣብ ፍርቂ በጺሕካ ምቁራጽ፡ ኑቲ ንጉዕዞ ዕላማና ክንጭብጥ ዘፍሰስናዮ ነገራውን መንፈሳውን ወጻኢታትናን ወፍርናን ፍጹም ኣይመልሶን እዩ። ኣብዚ ክሱላት ዘይብሉ ነገር እንተደኣ ሃሊዩ ኩሉ ዝጀመርናዮ ነገር ክንብል እንክለና፡ ንእወታውን ንህይወትና ጠቓሚ ነገራትን ማለትና ኢና።

ኣብ ፍርቂ በጺሕካ ምቁራጽ፡ ትርጉም የብሉን። ምኽንያቱ ዓወትና ንምጭባጥ ደሮ ክንዲ'ቲ ዝመጸእናዮ ጥራይ ስለ ዝተርፈና። ወረ ኣብ ገለ ገለስ እቲ ተሪፉ ዘሎ ጉዕዞ ካብቲ ዝመጻናዮ ኣዝዩ ዝውሓደ ይኸውን እዩ። ኣብ ህይወት እቲ ዝኸፍኣ ዘሕዝን ነገር፡ ኑቲ ክንረኽቦ ክንጭብጦ እንኽእል ዝነበርና ዓወት ዘይምጭባጥና ዘይኮነስ ሰኣን ቀሩብ ምጽማምን ምጉዓዝን፡ ድኻምናን ፍረናን ከንቱ ክኸውን እንከሎ እዩ።

ንሕና፡ ካብቲ ዘጓንፈና ጸገማት ብዕጽፍታት ዝሓየልና ስለ ዝኾንና፡ ንዝጀመርናዮ ጸቡቕ ነገር ብዘኾነ ዘጓንፈና ጸገማት ፍጹም ከቋርጾ የብልናን። ሽግራት፡ ካብ ጉዕዞና መንገዲ ዓወትናን ከኽልክለናን ክዕንቅፉናን ዘይኮኑ፡ ከምህሩናን ተሞኩሮ ኩይኖም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክበርኹናን እዮም ዝመጹ። እዞም ቀዳሞት ጸላእትና ኢልና ወትሩ እንጠቕሶም እንውንጅሎም ጸገማትና'ምበር፡ ዝለዓለና ክገብሩ ወትሩ ካብና ዘይፍለዩ ዝበለጹ ዓርኩመሓዛትና ምዃኖም ንዘክር።

ካብ መጀመርያ ኣትሒዝና ክንዕወት ከም እንኽእል፡ ኣብ ውሽጥና ምሉእ እምነት ስለ ዘሕደርና ኢና፡ ኑቲ ጉዕዞ ንጀምሮ። ከምኡ እንተዘይከውን'ሞ ፍጹም ኣይምጀመርናዮን ኔርና። እምነት ስለ ዘበረና ኣና ምሉእ ጉልበትና፡ ኣእምሮናን ንዋትናን ኣዋዲድና ጀሚርና ፍርቂ ክንበጽሕ ዝኸኣልና። ዝ. ብርቱዕ እምነትና፡ ኣብ ፍርቂ በጺሕና ክንክሕድ ጸቡቕ ኣይኮነን።

እቲ ጉዕዞ ተዛዚሙ፡ ካብቲ ዕላማ ክንረኽቦ እንኽእል ረብሓታት ብዙሕ ምዃኑ ጸቡቕ ገርና ስለ እንፈልጥ፡ ዝጀመርናዮ ነገር ኣብ ዕላማኡ ከየብጻሕና ከቋርጾ ጸቡቕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ናይ ትማሊ ጸገማት ናይ ለሚ ዛንታታት ዓወት ስለ ዝኾኑ። ጸባሕ ንገሆ፡ ኩሉ ነገር ኣብ ምዕራፉ ምስ በጽሐ፡ ገጽና ብሓጎስ ተመሊኡ ብምሉእ ርእሱተኣማንነት ኣፍ ልብና ነፊሕና ተሞኩሮና ንኻልኦት ዘይተዓወቱ ሰባት ከዎፍልን ክንመክርን ክንበቅዕ ኢና።

ለሚ ዘጋጥመና ጸገማት፡ ጸባሕ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ደርቢ. ምዕባለ ዘሰጋግረና ብሉጽ ተሞኩሮ እዩ። ስለ ዝኾኑ እቶም ካብ ጸገማቶም ዝተማህሩ ሰባት ጥራይ እዮም ኣብ ዝቐጸለ ምዕራፍ ህይወቶም ዝተመሓየሸ ህይወት ዝመርሑ። ምኽንያቱ ጸገማትን ምዕባለን ተዛመድቲን መኻይድትን እዮም። እቲ ጸገም ብዙሕ እንተደኣ ኩይኑ፡ ዓወትናን ምዕባለናን ይበዝሕ። ውሑድ እንተደኣ ኩይኑ ከኣ ከምኡ በንጻሩ። ስለዚ ካብ ሽግር እንተደኣ ንሃደም ኳንና ዓወታትናን ምዕባሊታትናን ውሑድን ሃሳስን እዩ ዝኸውን።

ፍጹም ከቋርጽ የብልናን። ምኽንያቱ ሓደሽ ነገር ክንፍጽምን ክንረኽብን ስለ ዘለና። ሰብ ኣብ ነፍሲ. ወከፍ ካልኢት ህይወቱ ለውጥን ምዕባለን የምጽእ (የርኢ) እንተደኣ ዘየለ፡ ይኣርግ'ምበር ይዓቢ. ስለ ዘየለ። ሓደ ዓይነት ህይወትን ሚላ ኣነባብራን ምኽታል፡ ኣደካሚን ኣሰልቻውን እዩ። ስለዚ. ድማ ኢና ዝ. ጉዕዞ ጀሚርናዮ። ለውጢ. ከርእይን ክንርኢን ስለ ዝደለና። ሃየ ደኣ ኣይንቋርጽ።

## ንኽይንሓምም...



ጥዕና እቲ ኣብ ህይወት ዝዓበየን ኣዝዩ ኣገዳስን ነገር እዩ። ጥዕና እንተዘይብልና ኩሉ ኣብ ህይወትና እንውንኖ ነገር እንታይ ይዓብስ? ምናልባት ንመብዝሕትና፡ ካብ ሃብቲ ብዝዩ ጥዕና፡ ድኽነት ምስ ጥዕና ይሓይሽ ኢና ንብል። ያኢ. ከም ኩሎም ሰብ ሃብቲ ጥዕና ዘይብሎም፡ ኩሎም ድኻታት ከኣ ምሉእ ጥዕና ዘውንኑ ጌርና ስለ እንወስዶ። እቲ ሓቂ ግን ንሓድሕዶም ክልቲኦም ዘይነጻጸሉ ምዃኖም እዩ። ጥዕናና ምስ እንሕሉ እቲ ዝዓበየ መንፈሳዊ ሃብትና ሒዝና ነገራዊ ሃብቲ ክንጉዑሮ ንኽእል። ብተመሳሳሊ. ከኣ፡ ብነገራዊ ሃብትና'ውን መንፈሳዊ ሃብቲ ከዕጥሪ ንኽእል ኢና።

ጥዕና፡ ኣካላዊ፡ ስምዒታውን ስነኣእምሮኣውን'ዩ። ዝኾነ ሰብ ካብዚን ሰለስተ ሓንቲ ምስ እትጎድሎ፡ ምሉእ ጥዕና ኣለዎ ክበሃል ኣይከኣልን'ዩ። ሰለስቲኦም ንሓድሕዶም ዝተወሃሃዱን ዝጸላለዉን ስለዝኾኑ፡ ኣካል እንተደኣ ሓሚሙ፡ ኣእምሮናን ስምዒትናን ይሓሙ። እዩም ካልኦት ከኣ ከምኡ ብተመሳሳሊ። ስለዝኾነ ንጥዕና'ዞም ሰለስተ ትሕዝቶታት ህይወትና ከይነጻጸልና ክንሕልዎም እዩ ዝግብኦ።

ሓደ ካብቲ ንዓና ንደቂሰብ ስጊንጠራት ዘበለና ምኽንያት እንተ ደኣ ሃሊዩ ገንዘብን ሃብትን ከሳዕብት ጥዕናና እናጥፍኡ ገንዘብ ምስ ረኸብናን ሃብተምናን ከኣ ኑቲ ዘጥፋእናዮ ጥዕና ክንመልሱ ገንዘብናን ሃብትናን ተመሊስና ነጥፍእ ብምዃንና እዩ። ምስኡ ብዝተኣሳሰር ኩሉና ብጥበብ ዘይንርደኦን ዘይንትግበሮን ነገር'ውን ኣሎ። ንሱ ከኣ "ካብ ሓሚምካ ሕክምና፡ ተኸላኺልካ ጥዕና" ዝብል ብሉጽ ምኽሪ እዩ። እዉ ካብ ምስ ሓመምና ናብ ፍቓዶ ሕክምናን ኣብያተ መድሃኒትን ምጉያይ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ፡ እቲ ዝበለጸን ዝቐለለን መድሃኒት ንጥዕና እዩ። ጥዑያት ንምዃንን ኣቐዲምና ጥዕናና ንምሓውን ክንመልከም ዘለና ፍሉያት ጥበባት ከምዘዕብልን ክንደህስሰን ከኣ ይግባእ።

ንኽይንሓምም፡ ብቐጻዕና ክፉትቶትን ስምዒታትና ክንገልጽ ይግባኣና። ንስምዒታትና፡ ዘይንሰምዖምን ንጸቕጦምን እንተ ደኣ ኳንና፡ ብጋስትራይት፡ ነድሪ ከስዐ፡ ቃንዛ መዓናጡን ዓንዲ ሕቖን ዝኣመሰሉ ሕማማት ክንሳቐ ተኽእሎታት ከም ዘሎ እዮም ኣብ ሓደስቲ መጽናዕትታት ምርኩስ ብምግባር ሰብ ሞያ ጥዕና ዝገልጹ። እዞም ሕማማት ከኣ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ናብ ሓደገኛታት መንሽሮ ክምዕብሉ ከም ዝኽእሉ ይሕብሩ። ስለዝኾኑ ምስ ሰባት ዝምድናታት ምምስራትን ብኸፉትን ቅንዕናን ስምዒታትና ምግላጽን ሓያል ፈውሲን ብሉጽ ሕክምናን ምዃኑ ፈሊጥና፡ ወትሩ ነጻ ኳንና ስምዒታትና ክንገልጽ ምኽኣል፡ ኣገዳሲ. ይገብሮ።

ንኽይንሓምም፡ ወሰንቲ ንኹን። እቲ ዘይወሰነ ሰብ፡ ኣብ ጥርጠራ፡ ጭንቀትን ሓዘንን እዩ ዝነብር። ዘይምውሳን ናብ ጭንቀትን ግርጭትን እዩ ዝመርሓና። ታሪኽ ዕዉታት ሰባት እንተ ደኣ ተመልኪትና፡ ብውሳኔታት ዝተጎደቀ ኩይኑ ኢና ንረኽቦ። ናይ ገዛእ ርእስና ውሳኔ ምውሳድ'ምበር፡ ከውገዘ ንዘለዎ ነገር ክንዝልጉ ብናይ ገዛእ ርእስና መንገዲ ዓወት ክንንጉዓዝን ኣብ ክብርታትና ከም እንኩብርን እዩ ዝንብረና። እቶም ዘይወሰኑ ሰባት ከኣ ብሕማማት ወጥሪ፡ ጋስትራይት፡ ናይ መትኒ ቃንዛ፡ ቁጠዐን ዝተፈላለየ ናይ ቆርበት ሕማማትን ከም ዝሳቐዩ እዮም ሰብ ሞያ ጥዕና ዝምጉሩና።

ምእንቲ ከይንሓምም፡ ንሽግራትና ኣናደይቲ ፍታሕ ክንክውን ኣለና። ኣሉታውያን ሰባት ኣብ ክንዲ ፍታሕ ዘናድዩ ንሽግራቶም ከራብሑ እዮም ዝረኣዩ። ሽግሮም ኣብ ክንዲ ሃዲኦም ዝምርምሩ፡ ክትትከዙ፡ ክሓምዩ፡ ከጸልሙን ተሰፋ ክቖርጹን እዮም ዝመርጹ። እንተኾኑ ግን ኣብ እዋን ጸላም፡ ኣብ ክንዲ. በቲ ጸልማት ተማሪርካ ትገዝዝ፡ ክርቢት ሸርጢጥካ ብርሃን ክትውልዕ እዩ እቲ ዝበለጸ ፍታሕ። ንህቢ. ኣዝዩ ደቂቕ እንስሳ እዩ። ግና ኣብ ዓለም እቲ ዝመቀረ መግቢ. ይሰርሕ። ስለዚ. ንሕና እቲ እንሓስቦ ከም እንኸውን ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ. እዩ። ኩሉ ግዜ ኣሉታውያን እንተ ደኣ ኳንና፡ ኣሉታዊት ህይወት ኢና እንውንን። እወታውያን እንተ ደኣ ኳንና ከኣ ከምኡ።

ንኽይንሓምም፡ ሓላፍነት ክንወስድ ይግባእ። ኣብ ሓላፍነት ምውሳድ ንዋክርን ኑበስ ክብረት ዘይብልናን እንተ ደኣ ኳንና፡ ህይወትና ንጽልኢ. ንኸትከውን ኢና ንሰርሕ። ብኣንጻሩ ምስ እንኸውንን እንንብርን ግና፡ ንህይወትና ናብ ምሉእ ጥዕና ኢና እነሰጋግራ። እቶም ሓላፍነት ዘይወስዱ ሰባት፡ ተሃላለኽቲ፡ ገዛእ ርእሶምን ንኻልኦት ዘየኽብሩን፡ ዓመጽትን ኸሳውያንን ሰባት እዮም ዝኾኑ። ስለዚ. ኢና'ምበር፡ ኩሉ ግዜ ሓላፍነት ወሰድትን ተቐበልትን ክንከውን ዝድለ።

ምእንቲ ከይንሓምም፡ ምሉእ እምነት ክንውንን ኣገዳሲ. እዩ። እምነት ዘይብሉ ሰብ፡ ብኸፉት ክበሃል፡ ክፉትን ቅኑዕን ክኸውን ዝምድና ክምስርት፡ መሓዛት ክጥሪ ... ወዘተ ኣይክእልን እዩ። እምነት ዘይምህላው፡ ንርእሱተኣማንነትና ንታሕቲ ከንቆልቁል እዩ ዝደፍእ። ትሑት ርእሱተኣማንነት፡ ዝምድና ክዛገጽ ይኹን ክዳልደል ፍጹም ኣይክእልን እዩ። እምነት ዘይምህላው ወይ ተጠራጣሪ ምዃን'ምበር፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ዘለና ፍቕርን ፍልጠትን ትሑት ምዃኑ እዩ ዘርእየና። ምሉእ ጥዕና ምእንቲ ክንውንን ኣብ ገዛእ ርእስናን ካልኦትን እምነት ይሃልወና።

ንኽይንሓምም፡ ሕጉሳት ህይወት ንወንን። ዋዛን ጸወታን፡ ሰሓቕን ፍሽኽታን፡ ሓጉስን ዕረፍትን ...፡ ናብ ምሉእ ጥዕናን ነዊሕ ዕምርን እዮም ዝመርሑና። ኩሎም ከኣ ቀመማት ህይወት እዮም። እቲ ሕጉስ ሰብ ኑቲ ዝነብረሉ ከባቢ. ዓቢ. ህያብ እዩ። ዓለም ምልእቲ ከም እንቆጻጸራ ከኣ ይገብረና። ዋዛን ሰሓቕን ንሕማም ልዕሊ. ኣእዳው ሓኻይም እዮም ዘሕውዩ። ስለዚ. ድማ እዩ ሕጉስ ህይወት ክህልወና ዘድሊ።

## ብሉጻት ጥቕስታት ህይወት

ህይወት ከም ዝወጠንናዮን ዝደለናዮን እንተ ደኣ ዘይከይናትልና፡ ብሉጽነትን ጺጋን ህይወት፡ ካብ ዘይተጸበናዮን ብዘይተጸበናዮን ከም ዝመጽእ ንዘክር።

እንሓንሳእ፡ ንነገራት ናብቲ ዝነበሩዎ ሕሉፍ ክንመልሶም ከም ዘይንኽእል ዘኪርና፡ ኑቲ መውዳእታ ዝመሰለና ከም መጀመርያ ጌርና ክንጥቀመሉ ጥራይ እዩ ዘለና።

እቲ ካብቲ ንህይወት ምሉእ ሰላም ዝህባ ብሉጽ ነገር ሓደ፡ ንኽንቅይሮም ዘይንኽእል ነገራት ንምግዳፎም ትብዓት ምህላው እዩ። ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ፡ ተቐቢልናን ካብኡ ተማሂርናን፡ ካብ ሕጂ ጀሚርና እንታይ ክንፍጽም ንመርጽ ጥራይ ስለዝኾነ እቲ ኣገዳሲ።

እቲ ምስጢር ገስጋስን ምዕባለን፡ ሓይልና ኣቕኪብና ንትማሊ. ከነዕርን ክንቃለሰን ዘይኮነ፡ ንብሉጽ ሕጂን ሓድሽ መጻኢን ምህናጽን ምዕባይን እዩ።

እዛ ሕጂ እንውንና ዘለና ሓዳስ ዓለምና፡ ካብታ ትማሊ. እንነብረላ ዝነበርና ዓለም ዝተፈልየትን ዝበለጸትን እትኸውን፡ ኣረኣእያናን ርድኢትናን'ውን ምስ እነሐድሶን እንቕይሮን እዩ።

ኩነታት፡ ንግብረ-መልስና ኣይውስኖን እዩ። ንሕና ኢና ንግብረ-መልስና ክንውስኖ ዘለና። ግዜ ወሲድና ነታ ናይ ትማሊ. ህይወትና ንገምግም'ሞ፡ ካብኡ ተበጊስና ሓዳሽ ህይወት ክንሃንጽ ኣይክንሽገርን ኢና።

ኩሉ እንደልዮ ነገር ምሳና ስለ ዘሎ፡ ንህይወትና እንእውዳ ነገር ፍጹም የለን። ህይወት ግን ንገዛእ ርእስና ብልጽትን ብልጽግትን ክንገብራ፡ ተበግሶን ጻዕርን ትእውድና እያ።

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብቶም ኢዮብ

## ዳግመ - ስርርዕ

"ንሓደ ነገር ካብ ልቢ እንተተመኒኻዮ፡ ኣብ ኣድማስ ዝርከቡ ዘይርኣዩ ሓይልታት ንምሕጋዙ ክማኸሩ'ዮም" ፓውሎ ኮልሆ

ወትሩ እንሰምዖ ናይ ዓለምና ዓቢ ሓሶት ከዘኻኽረኩም፡ "ምርኣይ ምእማን" ዝብል፡ እዚ ኣብዛሓ ሓሶት'ዩ! በቲ ቅኑዕ ምስ እንብሎ ግና "ዝእመን'ዩ ዝርአይ!"

ክውንነትና ዳግመ ስርርዕ ክንገብረሉ ኑቲ ዘይረአ ምርኣይ ክንመሃሮ ዘለና ጥበብ'ዩ። ዘይረአ ምርኣይ ክንብል ከለኹ፡ ኣብ ቅድመኻ ዘየለ ምርኣይ ማለት ኣይኮንኩን።እንታይ ደኣ ወትሩ ኣብ ቅድመና ኣለው።




ይኹን እምበር ስለ ዘይኣመንና ኣይንርእዮምን። እዚ ሓቂ ኣብ ንርድኣሉ እዋን ንሕና 'ፈጠርቲ' ምኻንና ክንፈልጥ ኢና። እቲ ምንታይ፡ ንሕና 'ፈጠርቲ' ናይ ገዛእ ርእስና ክውንነትና ኢና።

እስከ ብዛዕባ ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝተዓጽወ ቈልዓ ንሕሰብ፡ ኣብቲ ክፍሊ ድማ ርሳሳት፡ ሕብርታት፡ ቀለማት ከምኡ'ውን ወረቓቕቲን ዓለባን ኣለው። እቲ ቈልዓ በዞም ነገራት እንታይ ክገብር ይኽእል? ብርግጽ በዞም ሕብርታትን ቀለማትን ገይሩ ኣብ ኩሉ ኩርነዓት ናይቲ መንደቕን ኣብ ክዳኑ ከይተረፈን ምስኣሉ፡ ነታ ክፍሊ'ውን መሊና መጥፈኣሉ፡ እስከ ኣብዛ ክፍሊ ብተመሳሳሊ ትሕዝቶ ሓደ ክኢላ ቀባኢ ንእተዎ፡ ብርግጽ እዚ ቀባኣይ በቲ ዝተቐረበሉ ጥረ ነገራት ጌሩ ግሩም ቅብኣ ምስኣለ ነይሩ።

ክልቲኦም - እቲ ቈልዓን እቲ ቐባእን ፈጠርቲ'ዮም። እቲ ሓደ ከመይ ገርካ ትቈጻጸሮን ኣድህቦ ገርካ ሓደ ኣገዳሲ ነገር ትፈጥሮን ክርዳእ ከሎ፡ እቲ ሓደ ግን ኣይነበሮን።

ስለዚ ሂወትና ከምቲ እንደልዮ ምስ ዘይኮነልና ኣብ ከብቢና ማእለያ ዘይብሎም ሕብርታትን ቀለማትን ኣለዉና። ኣብ ሕሉፍና ኣይተዓወትናን ወይ ኣይጉበርናዮን ማለት፡ ኣይንመሃርን ወይ ኣይንመልኮን ማለት ኣይኮነን። እቲ ቈልዓ ዓብዩ ኣዝዩ ፍሉጥ ስኣሊ ክኸውን ከም ዝኽእል ግን ክርድኦ ኣይኽእሎን። ስለዚ ንሕና'ውን ክንዓቢ ክንምሃር ንኽእል ኢና። ይኽኣል ምኻኑ ምግንዛብ ጥራይ'ዩ ዘድሊ። እዚ ክንቕበልን ክንርድኦን ክልተ ወሳኒት ነጥብታት ክስተብህለለን ኣለና።

ሀ) ኣብታ ክፍሊ እንኮ ሜሕጋራይ ወይ ኢጋዕዛያይ ንስኻ ኢኻ፡ ብዘይካኻ ካልእ የልቦን፡ ኣብታ ክፍሊ ዘሎ እንኮ ንስኻ ኢኻ፡ ንመብዛሕትና እዚ ክውንነት ክንቕበል ከቢድ ይብለና'ዩ። ንሕማቕ ስራሓትና ኣእዳውና ናብ ካልእ ክነመልክት ድሕሪ ኣይንብልን ኢና። ንኣብነት ቈልዕነትና ክምርረሉ ንኽእል ኢና። ከም ቀዓኢቲ'ውን ኑቲ ብራሽና ክነሳግበሉ ንኽእል ኢና። ንከበብና፡ ትምህርትና፡ ዘሕዝን ሞያዊ ዛንታና ክነሳግበሉ ንኽእል ኢና። እንኮ ኣብታ ክፍሊ ዘሎ ግን ንስኻ ጥራይ ኢኻ፡ እዚ ክውንነት ዘይምርሳዕ።

ለ) ምስ ብቑዕ ትምህርቲን ድሌትን ግሩም ዝኾነ ጥበባዊ ስእሊ ክትፈጥር ትኽእል ኢኻ፡ ኣብ ፈለማ ከቢድ ይብል'ዩ፡ ኑቲ ኣብ ነዊሕ ዓመታት ዘኮሰኻዮ ክተጸራርዮ ገለ ግዜያት ክወስደልካ ይኽእል'ዩ፡ ኣብ ፈለማ'ውን ተሰፋ ክቑርጸካ ይኽእል'ዩ፡ ግን ሓድሽ ነገር ምፍጣር ክትመልኮ ዝክኣል ጥበብ እዩ፡ እቲ ዝበርም! ካብቲ ንግሙቶ ንላዕሊ ዝቐለለ ምኳኑ'ዩ።


ኣብታ ብልቢ ክትፈጥሮን ዳግመ ስርርዕ ክትገብርን ከም ትኽእል ዝኣመንካሉ ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ነገራት ክልወጡ ክትዕዘብ ኢኻ፡ ናብ ጥሚትካዮ ዘይትፈልጥ ሰፍሓትን ዕምቈትን ድማ ክመርሓካ'ዩ፡ ኣብ ከባቢኻ ሓሲብካሎም ዘይትፈልጥ ነገራት ክንንፉኻ'ዮም። እትረኽቦም ሓደስቲ ሰባት፡ እተንብቦም መጻሕፍቲ ብተደጋጋሚ ሓደ ዓይነት መልእኽቲ ክህቡኻ'ዮም - ብዛዕባ ዳግመ ስርርዕ።

ዳግመ ስርርዕ ንዘይበርካ ክውንነት ከም ብሓድሽ ሰሪሕካ ትሕቲ ወነኻ ንሓቂኻ ተልእኾ ሂወትካ ቃሊኻ ምብጋስ'ዩ። በዚ ድማ ኩልንትናኻ ኣብ ሓደ ኣምኢኻ ናብ ዝበረኸ መሳልል ምሕኳር'ዩ።

ኣብ ኣእምሮና ክውቀር ዘለዎ ሓሳብ ኣሎ። "ክውንነት፡ ናይ ውሑና መግለጺ'ዩ" ዝብል ሓሳብ'ዩ። እዚ ድማ ብቐጥታ ንድሌትና፡ ባህግና፡ ሓሳብና ዘፈጥር'ዩ። ምኽንያቱ ወሸና ናይ መትንታት እኽብቱብ ጥራይ ኣይኮነን። ወይ'ውን ናይ ኮምፒተል ሕውሰዋስ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ሞት'ውን ናይ መወዳእታ ፍጻመ ኣይኮነን። እቲ ምንታይ፡ ወሸና ወይ መንፈስና ብቐሊሉ ዝጠፍኡ ስለዘይኮኑ።

## ጋድማዊ ኣተሓሳስባ

"ናይ ምሕሳብ ጥቕሚ፡ ቅኑዕ ንምኻን ጥራይ ዘይኮነ ወጽኢታዊ ንምኻን'ዩ!"



ዶክተር ኤድዋርድ ደ ቦኖ፡ 'ምሕሳብ' ብእትብል ቃል ፍሉጥ'ዩ። መጻሓፍቲ ደ ቦኖ'ውን ኣብ ዓውዲ ስሩልቦና፡ ካብዞን ቀንዲ ፍሉጣት ዝኾኑ'ዮን። ሓንቲ ካብኦተን ድማ እዛ ሎሚ ቀሪባ ዘላ 'ጋድማዊ ኣተሓሳስባ' እትብል መጽሓፉ'ያ።

ጋድማዊ ኣተሓሳስባ እንታይ'ዩ?

ኣብ 1960ታት፡ ደ ቦኖ ብዛዕባ ሓድሽ ኣመለኻኽታ ክጽሕፍ ከሎ፡ ዝኾነ መለክዒ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣተሓሳስባ ኣይነበረን። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ሓደት ሰባት ከም 'ፈጠራውያን' ጥራይ እናተሓሰቡ፡ ካልኦት ዝተረፉ ድማ ከም ንቡራት ጥራይ ይወሰዱ ነይሮም። ኣብ ከምዚ ኩነታት'ዩ ድማ 'ጋድማዊ ኣተሓሳስባ' ብዝብል ኣምር፡ ሓድሽ ኣመለኻኽታ ክፈጥር ዝኸኣለ።

'ጋድማዊ ኣተሓሳስባ'፡ ኣእምሮ ብኸመይ ይሰርሕ ብዝብል ካብ ዝተኣደ መጽናዕቲ ዝመንጨወ ኣምር'ዩ። ኣእምሮ ቀጻሊ ቅርጺ ንምሓዝ ዝጽዕር፡ ብቕርጺ ዝሓስብ፡ ንገዛእ-ርእሱ ድማ ባዕሉ ዝሰርሕ ንኻልኦት ኣቓዲሙ ኣከቢቡዎም ዝጸንሐ ሓብሬታታት ድማ ኣወሃሂዱን ኣዋሂዱን ቅርጺ ዝህብ'ዩ ይብል። እዚ ብምግንዛብ፡ ሓደ ሓድሽ ሓሳብ ምስቲ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ሓሳብ ተቓሊሱ'ዩ ቦታ ክሕዝ ዝጽዕር ብምባል የረድእ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ኣብ ክንዲ ግርጭታት፡ ሓድሽ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮ ቦታ ዝረኽቡሉን ናብ ተግባር ዝቕየረሉን ኣመለኻኽታ ንምምዕባል መረጸ።

ጋድማዊ ኣተሓሳስባ፡ ንዘሎና ቅርጺ ኣተሓሳስባ እነመሓይሸሉ ኣገባብ ኩይኑ፡ ኣእምሮና ብምኽፋት ኣብ ክንዲ ሓደን ተደጋጋምን ሓሳብ ዘህሉወና፡ ወጽኢታውያን ንምኻን ኣብ ዝሕግዘና ንኸትኩር ዘኽእለና'ዩ። እዚ ንባዕሉ ሓደ ፈጠራ'ዩ። ንዘሎካ ሓብሬታ ብምጥቃም፡ ዝያዳ ወጽኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ንኽትሰርሕ ይሕግዘካ። ደ ቦኖ፡ ዋዛ እንታይ'ዩ? ብምባል ይሓትት'ሞ፡ ናይዚ መልሲ ካብቲ ኣቐዲሙ ኣብ ኣእምሮና ተኸዚኑ ዘጸንሐ ሓብሬታ ዝወጽእ እምበር ብፈጠራዊ መንገዲ ዝቐርብ ከምዝይኮነ ይገልጽ። 'ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅርጺ ኣተሓሳስባ ኢና ድማ ናጻ ክንወጽእ ዘድልየና' ድማ ይብል።

ጋድማዊ ኣተሓሳስባ ምስ ትኹላዊ ኣተሓሳስባ ዝጻረር'ዩ። ባህሊ ብሓፈሻ፡ ትምህርታዊ ስርዓታት ድማ ብፍላይ ሰሩመገት ብምኹታል ጥራይ ብርትዒ ክንሓስብ'ዩ ዘምእዝዙና። እዚ ማለት ሓንቲ ቅንዕቲ ሓሳብ፡ ናብ ካልእ ቅንዕቲ ሓሳብ ተሰጋጊርና'ሞ ተደሚሩ ከኣ ናብ ቅኑዕ መፍትሒ ክንከይድ ከም ንኽእል ኢና ንመሃር። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ መብዛሕትኡ እዋን ጸቡቕ'ኳ እንተኾነ፡ በዳሂ ዝኾኑ ኩነታት ኣብ ዝጋጠመና እዋን ግን ምናልባት ሓጋዚ ዘይክኸውን ይኽእል'ዩ። ሓደ-ሓደ እዋን ካብቲ ልሙድ ወጻኢ ብዝኾነ ኣገባብ ክንሓስበን ኣማራጺ ክህልዉና ጸቡቕ'ዩ። ደ ቦኖ ከም ዝገልጾ፡ 'ትኹላዊ ኣተሓሳስባ ንሓደ ጉድጓድ ኣብ ምዕማቑ ተመራጺ ክኸውን ከሎ፡ ጋድማዊ ኣተሓሳስባ ድማ ንሓደ ጉድጓድ ኣብ ካልእ ቦታ ናይ ምኹዓት ጥበብ'ዩ' ብምባል ይገልጽ።

ጋድማዊ ኣተሓሳስባ፡ ንትኹላዊ ኣተሓሳስባ ይጽሮ ዘይኮነስ ይምልኦ'ዩ። ብሓደ ልሙድ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ፍታሕ ኣናዲና ምስ እንረብርብ፡ ካልእ ኣማራጺ ንምንዳይ'ዩ ዝሕግዘና።

ደ ቦኖ፡ ብዛዕባ ጋድማዊ ኣተሓሳስባ ጥራይ ምፍላጥ ኣኻሊ ኣይኮነን፡ ምልምማድ ክህሉ ኣገዳሲ'ዩ ብምባል ይመኽር። ንጋድማዊ ኣተሓሳስባ መጠቀሚ ክኾኑ ዝኽእሉ ከኣ እዞም ዝስዕቡ ጥበባት ይዝርዝር።

- ኣማራጺ ምቕራብ - ዝበለጸ ፍታሕ ንምቕራብ፡ ብዙሓት ምርጫታት ክተቕርብ ኣሎካ።

- በዳሂ ግምታት - ዋላ'ኳ ብንጹር ክንከይድ ምእንቲ ብምባል ብዙሕ ነገር ኣብ ግምት ኣእቲና ንገዓዝ እንተኾንና፡ ነቶም እንግምቶም ሕቶታት ክነቕርበሎም እንተዘይክኢልና፡ ኣብ ኣተሓሳስባና ክፉት ንገድፍ ኣለና ማለት'ዩ።

- ኮታ ምሕዛእ - ንሓደ እትሓስበሉ ዘለኻ ነገር ዝተወሰነ ሕዛእ ናይ ሓሳባት ቁጽሪ ምቕማጥ። ንኣብነት፡ 'ንሓደ ጉዳይ ዓሰርተ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ክቕርቡ እንተዘይክኢሎም ውሳነ ኣይክህቡን'ዮ' ብምባል ምስ ኑብሸኻ ክትወስን ትኽእል ኢኻ። መብዛሕትኡ እዋኑ እቲ ኣብ መወዳእታ እተምጽኦ ሓሳብ ዝበለጸ ወጽኢት ዝህቡካ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

- ተመሳሳልነት ምንዳይ - ናይቲ ዘለኻዮ ኩነታት ተመሳሳሊ ዝኾነ ካልእ ኩነታት ምዕዛብን ብዛዕባኡ ተመኩሮኻ ምዕባይን ሓደ ካብቲ ኣብ ነዊሕ እዋን ዝተረጋገጸ ዝበለጸ ናይ ኣተሓሳስባ ኣማራጺ'ዩ።

- ብኣንጻር ምሕሳብ፡ - ንሓደ ነገር ዘለካ ኣረኣእያ ብኣንጻሩ ምስ እትዕዘቦ፡ ብዘበርም መንገዲ ብሉጻት ሓሳባት'ውን ክተረኽብ ትኽእል ኢኻ።

- ዓብላሊ ሓሳባት ምንዳይ - እዚ ብቐሊል እትመልኮ ጥበብ'ኳ እንተዘይኮነ ምስ ሓያል ልምምድ ግን ዝምለኽ'ዩ። ኣመና ኣገዳሲ ወጽኢት ክትረኽበሉ ድማ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣብ መጽሓፍ፡ ዝርርብ ኩነ ኣስተምህሮኣዊ ኣቕርቦት ኣብ ዝህልወሉ፡ እቲ ቀንዲ ዓብላሊ ሓሳብ ናይቲ ዛዕባ ንምልላይ ተኽእሎ ኣሎ።

- መጎቓቕሒ ዝኸውን ርኽበ ምክያድ - እዚ ዋላ'ኳ ጋድማዊ ኣተሓሳስባ እንተዘይኮነ ተወሳኺ ሓሳባት ናይ ምምንጫው ዕድል ስለዘህቦ ክሕግዝ ይኽእል'ዩ።

- ፍርዲ ዘይምሃብ - ንሓደ ሓሳብ ምስ መጸኩ፡ ይሰርሕዶ ኣይሰርሕን? ንምርኣይ ፍርዲ ከይሃብካ ክሳዕ መወዳእታ ክትንትኖ ምኽኣል ማለት'ዩ። ዋላ'ውን እቲ ሓሳብ ኣብ ፈለማ ፋይዳ ዘይብሉ እንተመሰለ፡ ብዓቕሊ ክትሰዕቦ ትኽእል ኢኻ።

ጋድማዊ ኣተሓሳስባ ወትሩ 'ቅኑዓት'ዮም ማለት ኣይኮኑን። ግን ወጽኢታውያን'ዮም። ቅኑዕ ናይ ምኻን ድሌት፡ ሓደስቲ ሓሳባት ኣብ ምምንጫው ይድርት'ዩ። ምኽንያቱ ቅድሚ ወጽኢት ናይ ሓደ ሓሳብ ምርካብና ክንጋገ ባህርያዊ ምኻኑ ክንቕበሎ ስለዘይንኽእል'ዩ። እቲ ዘበድስ፡ ብዙሓት ሓሳባት ብምምንጫው ኑየም ገለ ቅኑዓት ክትወስድ ከለኻ ብኣንጻሩ ንዘኾኑ ድማ ክትገድፍ ምኽኣል'ዩ።

ደ ቦኖ፡ ካብ ዘስመረሉ ሓሳባት 'ናይ ሓደ መፍትሒ ክኸውን ዝኽእል ሓሳብ መለለዪ ጠባይ፡ ምስ ተረኽበ ኣቐዲምና እንፈልጦ ዝበርና ብሩህ ሓሳብ ኩይኑ ክጸንሕ ይኽእል'ዩ' ይብል።

ኣደነቕቲ ግን ከኣ ግሉጻት ዝኾኑ ሓሳባት፡ ኣብ ኣእምሮና ተኸዊሎም ንምንዳይና ክጸበዩ ይጸንሑ። እቲ ካብ ምርካቦም ዝዕግተና ድማ እቲ ልሙድ ዝኾነ ኣሰላኻዪ ቅዲ ናይ ኣተሓሳስባና'ዩ። ወትሩ ናብ ልሙድ መግለጺታት ብምጽጋዕ ምክፋል ከምኡ'ውን ኣብ 'ጋቢያ' ናይ ኣተሓሳስባታትና ምሕባእ'ዩ ዝዕግተና። ደ ቦኖ እዚ 'ቅርጻ ድንቁርና' ብምባል'ዩ ዝገልጾ።

ዝተፈልየ ወጽኢት ንምርካብ፡ ንእንረኽቦ ሓብሬታ ነገብዩ ከቕምጦ ክንክእል ኣለና። ንሓደ ሓሳብ መበቆላዊ ዝገብሮ፡ እቲ ኣምር ዘይኮነ መብዛሕትኦም ሰባት ኑቲ ሓሳብ፡ ልሙድ ብዘይኮነ መንገዲ ክሓስቡዎ ዘይክእሉ ብምኻኖም ዝፍጠር'ዩ።

ጋድማዊ ኣተሓሳስባ ዘዘውትሩ ሰባት እምበኣር ወትሩ መበቆላውያን ሓሳባት ዘመንጨዉ'ዮም። ምንጪ ሓሳቡዮም ድማ ቀጺሉ'ዩ። ጋድማዊ ኣተሓሳስባ ልክዕ ከም ናይ ማኪና ማርሻ ምቕያር'ዩ። ማርሻ ከይቀየርካ ነዊሕ ርሑቕት ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብተመሳሳሊ፡ ኑቲ ማርሻ መዓስን ብኸመይን ትጥቀመሉ'ውን ክትፈልጥ የድልየካ - ወጽኢት ንኽትረኽብ።

ሰዒድ ሳልሕ - ሱዳን

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

# ኣዱሊስ Vs ቀይሕ ባሕሪ





ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ጋንታታት ዞባ ማእከል ናይ ኣዊሕ ዓመት መተሃላለኺቲ ዝኾና ዓበይቲ ክለባት ኣዱሊስን ቀይሕ ባሕርን ድሕሪ ጸባሕ ሰንበት ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ዘካይድኦ ጸወታ ካብ ሕጂ ጀሚሩ ልዑል ኣቓልቦ ረኺቡ ከም ዘሎ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

እዚ ርክብ ናይዞም ክልተ ጋንታታት፡ ናይዚ ዓመት ስፖርት ካልኣይ ናይ ቻምፕዮን ጸወተኦን ብምዃኑ'ዩ ፍሉይ ትኹረት ተዋሂብዎ ዘሎ። ኣብ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ጸወታ፡ እዞም ክልተ ጋንታታት ቀይሕ ባሕሪ ብገፊሕ ብምዕዋት ዝያዳ ጸብለል ከም ዝበለት ይዝከር። ኣብቲ ቀይሕ ባሕሪ ሰለስተ ብባዶ ዝተዓወተትሉ ጸወታ፡ ደገፍቲ ኣዱሊስ ጋንትኦም ብዘርኣየቶ ጸወታን ብዘመዝገቦቶ ውጽኢትን ከም ዘይተሓጎሱ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ጠንጃሩ ደገፍቲ ቀይሕ ባሕሪ በቲ ገፊሕን ታሪኻውን ዓወት ባህታኦም ብድምቀት ከም ዝጸምበሉ ኣይርሳዕን። ዝ. ኣርእስቲ ሐዘን'የን እምበኣር ኣዱሊስን ቀይሕ ባሕርን ሰንበት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ክፋለሙ።

እዚ ጸወታ ኪ'ዶ እቲ ዘገድሰን ሰለስተ ነጥቢ ርክብ ናይ ክልተ መተሃላለኺቲ ጋንታታት ብምዃኑ'ውን ብደገፍቲ ክልቲኦን ጋንታታት ጥራይ ዘይኮነ ብኣፍቀርቲ ኩዕሶ እግሪ ሃገርና'ውን ዓቢ ኣገዳሲነት ተዋሂብዎ'ሎ። ኣብዚ ደሮ ጀሚሩ ዘሎ ናይዚ ቻምፕዮን ናይ ካልኣይ ዙር ጸወታታት፡ ቀይሕ ባሕሪ ክልተ ግዜ ክትዕወት ከላ ሓንሳብ ደማ ማዕረ ተፈላልያ'ላ። ኣዱሊስ ከኣ ኣብዚ ካልኣይ ዙርያ ክልተ ግዜ ማዕረ ክትፈላለ ከላ ሓንሳብ ደማ ተዓዊታ'ላ።

ኣብዚ ናይ ሰንበት ጸወታ ቀይሕ ባሕሪ መሪሕነታ ከይፅንቀፍ ኣዱሊስ ከኣ ናይ ቀዳማይ ዙር ዘሕፍር ስዕረታ ክትመልስ ክልቲኦን ጋንታታት ሓያል ቅልስ ከርእያ ምዃነን ርዱእ'ዩ። ኣሰልጠንቲ ክልቲኦን ጋንታታት ብወገኖም፡ ኩብሪ ጋንታኦም ንምዕቃብ ኣብዚ ሰሙን ሓያል ልምምድ ከካይዱ ከም ዝቐጸሉ ተፈሊጡ'ሎ።

ኣሰልጣኒ ኣዱሊስ መሴ ብርሃ ብዝዕብዚ ኣገዳሲ ጸወታ "ኣብ ዝሓለፈ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ጸወታ ብገፊሕ ክንስዕር ዝኸኣልና ዝጠዘሉ ተጻወትና ናብ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ብምኻዶምን ኣገደስቲ ተጻወትና ኣብ ማእረምቲ ብምንባሮምን'ዩ። ቀይሕ ባሕሪ ደማ ንዘይተወሃሃዱ ተጻወትና በሊጾቶም ወጺኦ። ዋላ'ኳ እቲ ዘጋጠመና ስዕረት ከበድ እንተኾነ ኣብዚ ናይ ሰንበት ጸወታ ግን ንደገፍትና ከሐጉስ ምሉእ ምድላዋት ጌርና ኣለና" ክብል ተዛሪቡ'ሎ። ጋንታኡ ብዙሕ ለውጢ ጌራ ከም ዘላ ዝሕብር ኣሰልጣኒ መሴ ብርሃ፡ ኣብዚ ናይ ሰንበት ጸወታ ብዘይካ ክልተ ዝተቐጽዑ ተጻወትቲ፡ ብዘኾነ ምኽንያት ዝተኸሰረ ተጻዋታይ ከም ዘየለ ይገልጽ። መሴ ንቡታ ተኸላኻላይ'ታ ጋንታ የሴፍ ረዘ ብዘዮናኡ ተከኢዎ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕብር። እቲ ኣሰልጣኒ ኣብ መወዳእታ "ኣካይደናዮ ብዘለና ልምምድ ክንዕወት ኢና" ይብል።

ዝሓለፈ ዓመት ብዘይ ዝኾነ ስዕረት ንቀይሕ ባሕሪ ዘውዲ ቻምፕዮን ክትደፍእ ዘኸኣለ ኣሰልጣኒ ቀይሕ ባሕሪ ኤርሚያስ ተወልደ (ቲሉ) ብወገኑ፡ ተጻወትቱ ኣብ ጽቡቕ ኣቃውማ ከም ዘለዉ'ዩ ዝሕብር። ኤርሚያስ ብዝዕብዚ ናይ ሰንበት ጸወታ ኣብ ዝተሓተተሉ "ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ገዛ ጥንዳ ነጥቢ ክንጥፍእ ምኽኣልና ዚ. ናይ ሰንበት ጸወታ መሊሱ ርዝኑት ክውሰኽሉ ክኢሉ'ሎ። ዋላ'ኳ ኣብቲ ምስ ገዛ'ንዳ ዘዐደድናዮ ጸወታ ሓሙሽተ ተጻወትቲ ብማስበርቲ ከሰርና እንተኣተና፡ ጽቡቕ ጸወታ'ውን ኣይተጻወትናን። ተጻወትተይ ድማ ናይዚ ካሕሳ ንምኽፋል'የም ሰንበት ኣንጻር ኣዱሊስ ክቦጥሙ" ብምባል እዚ ናይ ሰንበት ጸወታ ሓያል ከም ዝኾውን ተዛሪቡ። ኤርሚያስ ኣብዚ ናይ ሰንበት ጸወታ'ውን እንተኾነ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ዓወታ ከም ትደግሞ'ዩ ብርእሰ ተኣማማንነት ገሊጹ። ንሱ ዋላ'ኳ ኣዱሊስ ሓያላት ተጻወትቲ እንተሓቐፈት፡ ቀይሕ ባሕሪ ልክዕ ከም ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብዘይ ዝኾነ ስዕረት ቻምፕዮን ክትከውን ተበጊሳ ብምህላዋ ዓወት ናትና'ዩ በሃላይ'ዩ። ቀይሕ ባሕሪ ብመቕጻዕትን ብማስበርትን ከሰራቶም ዝቐጸት ተጻወትታ ናብ ጸወታ ከም ዝመለሱቶም ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

# ሊቨርፑል፡ ንፐፐ ኣይደልዮን'የ

ተዓዋቲት ቻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ እንግሊዛዊት ሊቨርፑል፡ ንኒኮላስ ፐፐ ንምፍራም ክትገብሮ ዝጸንሐት ቀልስ ከም ዘቋረጸቶ ገሊጹ። እዚ ኣጥቃዓይ ፈረንሳዊት ሊል ዝኾነ ፐፐ፡ 80 ሚልዮን ፓውንድ'ዩ ተተሚኑ ዘሎ። ሊቨርፑል ንፐፐ ንምፍራም ኣብዚ ክራማት ከም ዘይትኃይይ ብወግዒ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኢጣልያዊት ኢንተርሚላንን ስጳኛዊት ኣትሌቲኮ ማድሪድን ነዚ ተጻዋታይ ንምዕዳግ ላዕልን ታሕትን ይብላ ኣለዋ።

ሊቨርፑል ነዚ ኣይቮሪያዊ ኣጥቃዓይ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዛ ኣብ ራዳራ የእትያቶ ጸኒሓ፡ ይኹን'ምበር ኣብዚ እዋን ኣብ መስመር ምጥቃዕ ዘለዉ ተጻወትታ እኹላት ምዃኖም ብምግላጹ፡ ነዚ ተጻዋታይ ንምምታ ከም ተጣይቐሉ ሓቢራ'ላ። ኒኮላስ ፐፐ ኣብዚ ዝሓለፈ ወቕቲ 22 ሸቶታት ብምምዝጋብ ሊል ኣብ ሊግ ኣ ፈረንሳ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ውድድራ ክትፍጽም ልዑል ኣስተዋጽኦ ድሕሪ ምግባሩ'ዩ ኣቓልቦ ዓበይቲ ጋንታታት ኤውሮጳ ክስሕብ ክኢሉ ዘሎ።

ብመሰረት ካብ ፈረንሳ ዝፍንው ዘለዉ ሓበሬታታት ከኣ፡ ፐፐ ናብ ኢጣልያ ወይ ስጳኛ ጉዑ ክዩምርሓ ከም ዘይተርፍ ይንገር። ጋዜጣ ሊ. ኢኩብ ኢንተርሚላንን ኣትሌቲኮ ማድሪድን 80 ሚልዮን ፓውንድ ክኸፍላ ቅሩባት ከም ዘለዋ ጽሒፉ'ላ። ኢንተርሚላን ኣቐዲማ ዘቐረበቶ 54 ሚሊዮን ፓውንድ ዝጸሕ መጠን ገንዘብ በዛ ፈረንሳዊት ጋንታ ድሕሪ ምንጻጉ'ያ ደጊማ ካብኡ ክትከፍት ተገዲዳ ዘላ።

ኣትሌቲኮ ማድሪድ ነዚ ተጻዋታይ ከም መተካእታ ኣጥቃዓያ ፈረንሳዊ ኣንትዋን ግሪዝማን ክኸና'ያ ትሓስብ ዘላ። ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣቐዲማ 107 ሚልዮን ፓውንድ ሂባ ንመንእሰይ ተጻዋታይ በፊካ ፈሊክስ ከም ዘፈረመት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ንኒኮላስ ፐፐ እውን ዝኸፈል ከፊላ ከም ትውንኖ ይንገር።

ንናይ ቀደም ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኣንቶኒዮ ኮንተ ናብ ሳንሲሮ ኣምጺኣ ናይ ቀደም ዝናኣ ክትመልስ ትሓስብ ዘላ ኢንተርሚላን፡ ብዘለዎ ፋናንሳዊ ጸገማት ምስ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ክትወዳደር ከም ዘይትኽእል ብዙሓት ወገናት ይሰማምዑ። በዚ ኸኣ ኒኮላስ ፐፐ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ናብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ክጸምበር ምዃኑ ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ይሕብሩ።

ኢንተር ሚላን ንኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ሉካኩ ንምፍራም ቀዳሞት ሂባ ክትሰርሕ'ኳ እንተጸንሐት፡ ኣብ ዋጋቲ ተጻዋታይ ግን ክትሰማማዕ ኣይከኣለትን። እዛ ጋንታ ንማውሮ ኢካርዲ ሸይጣ ተወሳኺ ገንዘብ ክትረክብ ሓሲባ'ኳ እንተነበረት፡ እቲ ኣጥቃዓይ ካብታ ጋንታ ከም ዘይወጽእ ብምግላጹ ግን ሓሳብ ክሰልጣ ኣይከኣለን።




# ሶልሻየር ኣብ ዕዳጋ ተጻወትቲ ይውዕል

እንግሊዛዊት ማንቸስተር ዩናይትድ ንሓለቓ ጋንታ ስፖርቲን ሊዝበን ብሩኖ ፈርናንደዝ ንምፍራም ምስ ወከል እቲ ተጻዋታይ ዝርርብ ከም ዝጀመረት ተገሊጹ። እዚ ወዲ 24 ዓመት ፖርቱጋላዊ ኣጥቃዓይ ዝሓለፈ ወቕቲ ብዘርኣዮ ብሉጽ ምንቅስቓስ ኣቓልቦ ዓበይቲ ጋንታታት ክረኽብ ከም ዝኸኣለ ይሕብር። ብሩኖ ፈርናንደዝ ዝሓለፈ ወቕቲ ካብ ዝተፈላለዩ 53 ጸወታታት 32 ሸቶታት ከመዝግብ ከሎ 18 ንሸቶ ዝኾና ኩዕሶ ድማ ከም ዝሰርሐ መዛግብቲ እቲ ተጻዋታይ የረድኡ።

ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣሊ. ጉናር ሶልሻየር ንተኸላኻላይ ክሪስታል ፓላስ ኣሮን ዋን ቢሳካ ድሕሪ ምፍራሙ፡ ብፍላይ እናተኸላኸለ ዘጥቕዕ ተጻዋታይ ንምርካብ ይቃለስ ከም ዘሎ ምስቲ ኣሰልጣኒ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ይገልጹ። በዚ ኸኣ ዋላ'ኳ እዛ ጋንታ ዛጊት ክልተ ተጻወትቲ እንተኣፈረመት፡ ሶልሻየር ንብሩኖ ፈርናንደዝ ከዩፈረመ ከም ዘይድቅስ ይሕብር። ሶልሻየር ኣብ ከተማ ለንደን ምስ ወከል'ዚ ተጻዋታይ ሚጌል ፒንሆ ተራኺቡ ይዛራረብ ከም ዘሎ'ያ ጋዜጣ ደይሊ. መይል ኣብ ናይ ትማሊ ሕታማ ኣፍሊጣ። ሶልሻየር መስመር ምክፍፋሉ ዝያዳ ንምትርናዕ ሓደ እናከፋፈለ ዘጥቕዕ ሓደ ኸኣ እናተኸላኸለ ዘጥቕዕ ተጻዋታይ ክፈርም'ዩ ወሲኑ ዘሎ።

ንፈርናንደዝ ንምፍራም ኣብ ዝገበሮ ዘሎ ቅልሱ፡ ቶተንሃምን ማንቸስተር ሲቲን ምሕዋሰን ግን ኣየቕሰናን ዘሎ። ዩናይትድ ኣብዚ ክራማት ንዚረራ ብጾ ናብ ፒኤስጂ ከተፋንዎ ብምዃና ኣብ መስመር ምክፍፋል እታ ጋንታ ፖግባ ሊንጋርድ፡ ፍረድ፡ ስኮት ማክቶሚናይን ኣንድሬስ ፐሬራን ጥራይ'የም ተረፎም ዘለዉ። ምስ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ኮይኑ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለን ዝሓለፈ ወቕቲ 16 ሸቶታታት ዘመዝገቦን ፖል ፖግባ'ውን ናብ ሪያል ማድሪድ ወይ ጁቬንቱስ ክኸይድ'ዩ ደሃይ ብምህላዉ፡ ሶልሻየር ኣብ ማእከል ብዙሕ ስራሕ ይጸበዮ ከም ዘሎ ይንገር። ስለዚ እዚ ኣሰልጣኒ ንብሩኖ ፈርናንደዝ ንምፍራም ዓይኑ ኩሓሰይ ከም ዘይብሉ ብዙሓት ይሰማምዑ።

ፈርናንደዝ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ዋንጫ ኔሽንስ ሊግ ክትወስድ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከም ዝገበረ ይእመን። ብፍላይ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመን ኣብ ግጥም ፍጻመን ናይቲ ውድድር ከም ዘደመቐ ይፍለጥ። እዚ ከምዚ'ሉ ከሎ ማንቸስተር ዩናይትድ ኢንተርሚላን ንሉካኩ ንምፍራም ትቐርቦ ዘላ መጠን ገንዘብ ዓቕላ የወድኣ ከም ዘሎ ሓቢሩ። ሉካኩ ካብ ኦልድ ትራፎርድ ክወጽእ'ኳ እንተተፈቐደሉ ዩናይትድ ግን ነቲ ንኤቨርተን ዝሃበቶ መጠን ገንዘብ ክምለሰላ'ያ ጠሊብ ተቐርብ ዘላ።

ዩናይትድ ነዚ በልጅማዊ ጉልበት ኣጥቃዓይ ቅድሚ ክልተ ዓመት ካብ ኤቨርተን ብ75 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዝዓደገቶ ይፍለጥ። ኢንተርሚላን ነዚ ኣጥቃዓይ ብ19 ሚልዮን ፓውንድ ንኽልተ ዓመት ብመልክዕ ልቓሕ ክትወስዶ ወይ ከኣ 54 ሚልዮን ፓውንድ ከፊላ ዋንኡታ ክትገብሮ'ያ ትሓስብ ዘላ። ወከል እዚ ተጻዋታይ ፈደሪኮ ፓስቶሬሎ ብዝዕብዚን ካልእን ምስ ሰብ ስልጣን ኢንተር ሚላን ንምዝርራብ ኣብ ከተማ ሚላን ከም ዝርከብ ይሕብር። ኢንተር ሚላን ንኣጥቃዓይ ሮማ ኤዲን ዜኮ ናብ ሳንሲሮ ንምምጻእ'ኳ ትሓስብ እንተላ፡ ንመሰርሕ ምስግጋር ሉካኩ ግን ከም ዘይጸልዎ ሓቢራ'ላ።




## መደብ ጸወታ

ቻምፒዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ 2019 ሎሚ ዓርቢ ኣብ ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ኤርትራ ብዝካየድ ናይ ግዜ ውድድር ክፍልም'ዩ። እዚ ውድድር ሰዓት 7፡30 ቅድሚ ቀትሪ'ዩ ክፍልም።
ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ ናይ ውድድር መስርዕ፡
ጁኒየር ደቂ ኣንስትዮ 9.7 ኪሎሜተር
ኢሊትን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ኣንስትዮ 18 ኪሎሜተር
ጁኒየር ደቂ ተባዕትዮ፡ 18 ኪሎሜተር
ኢሊትን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ተባዕትዮ 36 ኪሎሜተር

# ምልክታ

በይሉል ገብረሚካኤል

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ራማ መሓመድዓሊ መሓመድ፡ ላሪን መሓመድዓሊ መሓመድ፡ ብወለደን ኣቶ መሓመድዓሊ መሓመድን ወ/ሮ ሶፍያ ማሕሙድን ኣቢለን፡ ስም ኣደና ሶፍያ ሼካይ ምባል ተሪፉ፡ ሶፍያ ማሕሙድ ያሲን ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሰስቲ ወረ/ነፍ ቀለታ ኣስፍሃ ገብረሚካኤል ነፍ/ካሕሳይ ቀለታ ኣስፍሃ+4 ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ቀለታ ኣስፍሃ ገብረሚካኤል በዓልቲ-ቤቶም ወ/ሮ ኢትዮጵያ ገብረክርስቶስ ተኽለሃይማኖት+8 ዘሎ ክርክር፡ ከሰስቲ ብወኪሎምን ሞግዚቶምን ኣቢሎም፡ ናይ ኣባሓጎና ነፍ/ ቀለታ ኣስፍሃ ገብረሚካኤልን ኣቦና ነፍ/ ካሕሳይ ቀለታ ኣስፍሃን ወረስቲ ዝኾንና፡ ተኸሰስቲ ኣቶ ኣብርሃም ቀለታ ኣስፍሃ፡ ኤርምያስ ቀለታ፡ ሰለሙን ቀለታን ልዋም ቀለታን ኣድራሽኦም ስለዘይንፈልጦ፡ ይጸውዑልና ስለዝበሉ፣ ተኸሰስቲ ብኣካል ወይ ብወኪል ን17/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ግን ንሶም ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክውሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ያስሚን መሓመድ ሰዒድን ተኸሳሲ ኣቶ ፈረጅ ጀማልን ንናይ ውዕል መሸጣ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብወኪል ን21/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንሱ ኣብ ዘይብሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ምዕራፍ ዑቕባልደት ይሕደጎ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ኪዳነ ብርሃነ ተኽለሃይማኖት ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ኣቶ ሃይለ ተስፋሚካኤል ተወልደመድህን፡ ወለድና ኣቶ ተስፋሚካኤል ተወልደመድህንን ወ/ሮ ዑቕባማርያም ካሕሳይን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ናይ ኣቦናን ኣደናን ወረስቲ ምዃንና 3 ኣሕዋትና ድማ ናይ ኣቦና ጥራይ ወረስቲ ምዃኖም የረጋግጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ መርከብ ዮናስ ሃይሉ፡ ኣቦይ ዮናስ ሃይለ ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ የዕብዮ ያቀብ ዑቕባጋብር፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ታሪኽ ሰዩም ዓንደማርያም ናይ መኪና ክርክር ስለዘለና፡ ዓይነት ናይ ገዛ መኪና ቮልክስዋገን ዝዓይነታ ቁ/ሰሌዳ ER-1-01258 ቁ/ቻሲ 6030388 ሽይጣትልና ኣብዚ ሃገር ስለዘየላ ትጸውዓልና ስለዝበሉ፡ ተኸሳሲት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ንሳ ኣብ ዘይብሉ ጉዳያ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መርሓኖ

ምሕረት መስመር ቀለታ፡ በዓል-ቤተይ ክብሮም መዘንግዕ ቀለታ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዳዕሮ ጳውሎስ

ወ/ሮ እዝግሃርያ ዘሚኪኤል፡ ወደይ ተወልደ ኣስራት ስለዝተሰውአ፡ ውላድ ውን ስለዘይብሉ ኣነ ምስ ኣቡኡ ኣቶ ኣስራት ተስፋማርያም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ማይ ድማ

ማርታ ፈታይ፡ በዓል-ቤተይ ማሓሪ ተስፋይ ንሰለስተ ዓመት ዝኣክል ገዲፍኒ ኣበይ ከም ዘሎ ስለዘይፈልጥ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቃል ኪዳን ከውርደለይ ይጸውዓለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ግሮቶ

ወ/ሮ ምሕረት የማነኣብ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ህንጻ ጽገ ተስፋ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 10 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከባቢ ኩደፈላሲ

ኣቶ ኪዳነ ዘሚኪኤልን ወ/ሮ ኣዛሚት ኢያሱን፡ ወድና መርሃዊ ኪዳነ ዘሚኪኤል ስለዝሞተ፡ ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ልገሳ

ወ/ሮ ኣልጋነሽ ሓድጉ ሃይለማርያም፡ በዓል-ቤተይ ሰመረኣብ ተስፋሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ብርኩት

ትርሓስ ጸጋይ ገብረየሱስ፡ ኣቦይ ጸጋይ ገብረየሱስ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት። ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ

PAULOS LANGUAGE SCHOOL

to listen, speak, read & write English

ቤት ትምህርቲ ጳውሎስ ክረምታዊ ትምህርቲ ንኹሎም ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን በብደረጅኦም ዝወሃብ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ኣዳልዩልኩም ከም ዘሎ የበስር፡፡

ምዝገባ ጀሚርና ኣሎና፡ ክላስ ዝጅመረሉ ድማ 27/06/2019 እዩ፡፡

ኣድራሻና ከባቢ ማርካቶ(ጎደና ናቕፋ) ፊት ፎቶ ፊሊ፡ ጎኒ ፎቶ ሉቃስ እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ቴሌ 112001/ 07137056/ 07138748 ተወከሱ።


## ምልክታ

ተስፋይ ኣብርሃም መንግስን ኢሳቅ ኣብርሃም መንግስን ኣደና ወ/ሮ ለምለም ሃብተ ሰለሙን ንስውእ ብርሃነ ሓድሽ ሃይለ ወራሲት ስለዝኾነት ነዚ ብውርሲ ዝረኸበቶ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዳዕሮ ጳውሎስ ኣብ ዞን 1 ብሎክ ቁ/60 ፓርሰል "ኤፍ" ስፍሓቱ 465.75 ት.ሜ ቀንዲ ክፍልታት 5 ሓደ ክሽነ ሓደ ዓይኒ ምድሪ ዘጠቓልለ ብዕለት 29/7/14 ንዓና ንደቃ ህያብ ስለ ዝሃበትና ሕጂ ግን ንብረት ናታ ናብ ስማና ከነመሓላልፎ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ወይ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከልን ካዳስተራርን ይቕረብ።

ተስፋይ ኣብርሃም<br>
ኢሳቅ ኣብርሃም

## ምልክታ ጨረታ

ምም/ሆቴላት መንግስቲ ንኣብ ትሕቲኡ ዝምሓደራ፡ ኣብ ባጽዕ ንዝርከባ ሆቴላት መንግስቲ (ገርግሱም ቢች ሆቴል፡ ሬድ-ሲ ሆቴል፡ ሰንትራል ሆቴል ባጽዕን)፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ካብ 01/07/2019 ጀሚሩ ንኣርባዕተ(4) ወርሒ ዝጸንሕ ቀረብ ንዘቕርቡ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

- ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ቅዳሕ መንነት ወረቐትን

- መኽበር ጨረታ 10,000.00 (ዓሰተቲ ሽሕ) ናቕፋ ብCPO የትሕዝ

- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ (መግለጽን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ደምበ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስትን ወይ ኣብ ሰንትራል ሆቴል ባጽዕ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ) ብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል።

- ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል (ዉሉድ፡ ወላዲ፡ በዓል/ቲ ቤት) ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ይኽፈት።

ምም/ሆ/መንግስቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምም/ሆ/መንግስቲ

## ምልክታ

ብስም ተስፋኣለም ዑቕባጽዮን ክፍለ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00040412 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተማናይ ጎደና 149-10 ቁ.ገዛ - ዝርከብ ናይ መሸጣ ቾኮሌትን ቡሽኩትን ትካለይ ን ወ/ሮ ሩታ ብርሃነ ተኽለማርያም ካብ ዕለት 01/06/2019 ክሳብ ዕለት 31/05/2020 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ተስፋኣለም ዑቕባጽዮን ክፍለ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.**

**Position: HR-Data administrator**
**Department: Employee Services**
**Section: Human Resources**
**Number Required: Two (02)**

## Primary Purpose

- Data capturing, Report writing.

## Main Functions

### Administration

- Capture or update employees personal data, leave, rosters, emergency contacts, employment contracts, disciplinary actions, terminations and engagements, promotions, International employees' timesheet transfers and salary adjustments.
- Maintain company organizational charts to reflect current structure at all times.
- Develop and maintain labor budget and forecast spreadsheet .Guide HODs and others in processing
- Assist with employee requests on leave balances.
- Required to reconcile HR data with other business systems like , Master list, BioStar, PeopleWare, Cognos and Labour Budget/ Forecast included in Master list
- Administrate the BioStar and HRWebApp Systems
- Capture new employees and update for promoted and terminated employees
- Respond to employees' queries, generate reports as requested by departments and HR Management and Refresh daily attendance reports by latest 8am.
- Add employee handovers in HRWebApp when requested due to employees forgetting to do it
- Review outdated leave requests in HRWebApp and send reminders to line managers to approve/reject
- Import the exported leave data from Biostar to the Peopleware daily and check if import was successful.
- Control and provide new employee's employee ID number.
- Capture the Cvs of applicants received from Asmara Office
- Receive, capture and follow up on international employees' timesheets every month.
- Ensure the international accrued leave excel sheet is up to date and accurate.
- Advise HR Superintendent of expats with accrued leave in excess of 30 days and less than 0 days.

### Reports

- Adhoc reporting information as per requests received.
- Prepare daily, weekly and monthly HR report to line Manager.
- Compile and assist with HR Management reports in line with standard operating procedures.
- Compile weekly terminations and engagements report for submission to the camp administration.
- Attend HR meetings to report on daily activities.
- Update and report the probation period deadlines to the HR officers on a weekly basis
- Update the Emergency contact details of International employees and send the report to the HR Manager by latest 1st of every month.
- Prepare the performance evaluation summary report twice in a year
- Compile BMSC contractors weekly report for submission to the Safety and Occupational Health department.

### Filing

- Filing of captured data documentation, employee related changes and newly received Cvs of applicants
- Filing all BMSC national contractors release paper and assist the HR manager at the site entry approval by checking the existence of the release papers.
- Ensure that all leave related documentation is processed in time to be captured on payroll system/finance.

### Unique Requirement/Other Information

- Carry out any other duties or instructions as requested by the incumbent's supervisor or manager.

### Knowledge, Experience and Skills

| **Qualifications:** |
|---|
| Degree/diploma in Computer Science or application |

| **Knowledge and Experience:** |
|---|
| 3 – 5 Years data administration experience |
| 2 Years Supervisory level experience could be an advantage |
| Advanced MS Excel experience |

| **Technical Skills** | **Behavioural Skills** |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate – Excel -Advanced) | Communication (English and local language) |
| Accuracy and attention to detail | Confidentiality and supervisory skills |
| Knowledge of Policies, Procedures and Processes | Interpersonal relations and innovative thinking |
| Administrative and analytical skills | Ability to meet deadlines |
| Report writing business writing skills | Ability to perform under pressure |
| | Innovative thinking |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**
- **Address: Please mail your applications to;**
  **Bisha Mining Share Company,**
  **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment permits Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**

ታደሰ ተኽለ

# ጀርመን - ኣንጀላ መርከልን ኩነታት ጥዕናኣን



መራሒት ጀርመን ኣንጀላ መርከል፡ ኣብዚ ቅንያት እዚ ንኻልኣይ ግዜኣ ኣካላታ ንሓያለ ደቓይቕ ከንቀጥቅጥ ከም እተራእየ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ እቲ ጥዕናዊ ተርእዮ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ምርግጋእ ሃገር ጽልዋ ከምዝይገብረላ ኣረጋጊጸም።

ዛጊት ዝጥቀስ ናይ ጥዕና ጸገማት ዘይተራእየላ ጓል 64 ዓመት መርከል፡ ንሚኒስተር ፍትሒ ናይ መፋነዊ ስነ-ስርዓት እናተገብረላ እንከሎ ከተንቀጥቅጥ ከም እተራእየት ጸብጻባት ሓቢሮም።

ኣስታት ቅድሚ 10 መዓልቲ ኣብሉ፡ ኣብ ጀርመን ዑደት ዘካየደ መራሒ ዩክረይን ኣብ ዝተቐበለትሉ ግዜ፡ ኣካላታ ከንቀጥቅጥ ዝተራኣየት መርከል፡ ማይ ምስ ሰተየት ከም ዝሓደፋ ገሊጻ ነይራ። ትማሊ ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ዝተኸስተ ተመሳሳሊ ጸገም እውን፡ ማይ ተዋሂብዋ ከም እተሓሰመት ተሓቢሩ።

መርከል፡ በዚ ዝረአ ዘሎ ኩነታት ጥዕና፡ ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ኣብ ጃፓን ኣብ ዝካየድ ናይ ጉጅለ 20 ኣኼባ ክትሳተፍ ትኽእል እንተኾይና ተሓቲቱ ምላሽ ዝሃበ ኣፈኛኣ፡ ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ መደባት ከም እትገይሽ ኣፍሊጡ።

ኣንጀላ መርከል፡ ነዊሕ ሰዓታት ኣብ ዝወስዱ ኣኼባታት ዝለዓሉ ኣርእስትታት፡ ብደቂቕ እናተዓዘበት ናይ ምርብራብ ምልክት ከይኣርኣየት ከም እትጸንሕ ተዓዚቡ ይሕብሩ። ልክዕ ከምቲ ገመል ብዘይ ማይ ንነዊሕ መዓልታት ዝጸንሕ፡ "ናይ ድቃስ ገመል" ምዃና ብዓኣላ ንኡብኣ ከም እትገልጽ እውን ጸብጻባት የረድኡ።

ኣቐድም ኣቢላ ካብ መራሕነት ናይ'ቲ ንሳ እትውክሎ ሰልፊ - 'ዲሞክራሲያዊ ሕብረት ክርስቲያን' ብፍቓዳ ወሪዳ መዝነታ ንኻልእ ከምዝረከበት ዝዘከር ኩይኑ፡ ኣብ 2021 ኣብ ዝካየድ ምርጫ ከም ዘይትወዳደር እውን ኣዘራ ኢያ።

# ኣብ ቦይንግ 737፡ ካልእ ኣበር ተቐልቂሉ



ናይ ኣመሪካ ፈደራላዊ ምምሕዳር በረራ፡ "ኣብተን ካብ ኣገልግሎት ዝተኣገዳ ቦይንግ 737 ማክስ፡ ክሳዕ ሕጂ ዘይተገልጸ ካልእ ጸገማት ከም ዘለወን ገሊጹ" ክብሉ ምንጭታት ሓቢሮም።

ኣብ ድሕነት ገያሾ ውሕስነት ከም ዘይብለን ዝተነግረለን ቦይንግ 737 ማክስ፡ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ዝርከባ ትካላት መጉዓዝያ ኣየር፡ ኣብ ኣገልግሎት ከይወዓላ ተዓጊተን ምጽንሐን ይፍለጥ።

እዚ ሕጂ ተረኺቡ ዘበሃል ዘሎ ካልእ ኣሰጋኢ ብልሽት፡ ኣብተን ነፈርቲ መጽናዕቲ እናተኻየደ እንከሎ ከም እተረኽበ ዝገልጹ ምንጭታት፡ ከመይ ክዕረ ከም ዝኽእል ግዳ ዝሃቡዎ ሓበሬታ የለን።

እዘን ብኩባንያ ቦይንግ ኣብ ኣመሪካ ዝሰራሓ ዓሌት ነፈርቲ፡ ብጠለብ ተወዳዳሪ ዘይነበረን ናይ መጉዓዝያ ነፈርቲ እኳ እንተነበራ፡ ትእዛዝ ኣብረርቲ እናሰዓረ ነፋራት ናብ ምድሪ ዝኮቦት መሳርሒ ብዘስዓቦ ክልተ ሓደጋታት፡ ጽፈት ስራሕ እቲ ኩባንያ ኣብ ሕቶ ክኣቱ ከም ዝኸኣለ ይግለጽ።

ነታ ነፋራት ክትሕንግድ ዝገብር መሳርሒ ክመሓየሽ ከም ዝኽእልን፡ እተን ነፈርቲ ብቐልጡፍ ናብ ስራሕ ክምለሳ ክንገር ዝጸንሐ ተስፋታት በዚ ሓድሽ ካልእ ስግኣት ከም ዝናዋሕን ይግመት። ናይ ፈተነ በረራ ኣካዪዳ ናይ መተኣማምኒ ወረቐት ምስክር ቁጽራ ዝተታሕዘሉ ግዜ - መጀመርያ ሰሙን ሓምለ ከምዝነበረ፡ በዚ ተረኺቡ ዘሎ ሓድሽ ስግኣት ግን፡ ክናዋሕ ከም ዝኽእል እቶም ምንጭታት የገንዝቡ።

ፈደራላዊ ምምሕዳር በረራ፡ እተን ነፈርቲ ብቑዓት ከም ዝኾና ኣብ ዝተረጋገጸሉ እዋን ጥራይ ፍቓድ ከም ዝሁብ ኣፍሊጡ ኣሎ።

# ኣመሪካ - ተተካኢ ጸዓት ንምዝርጋሕ ኣብ ክትዕ



ብከላ ህዋ ዝፈጥር ዘሎ ካብ ኣመሪካ ዝወጽእ ትኪ ንዳዲ ንምትካእ፡ ኣመሪካ 4.7 ትሪልዮን ዶላር ክተውጽእ ከም ዘገድዳ፡ ከቢድ ቁጠባውን ማሕበራውን ብድሆታት ከም ዘስዕባ ጸብጻባት ኣረዲኦም።

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ስድራቤት ትኪ ኣልቦ ጸዓት ንምትእትታው ዘኽእል መደባት ኣብ ውሽጢ ዕስራ ዓመት ኣብ ፍጻመ ክበጽሕ እኳ እንተኸኣለ፡ እቲ መጠን ገንዘብ ከቢድ ቁጠባዊ ጸቕጢ ክፈጥር ከም ዝኽእል እዮም ክኢላታት ዝሕብሩ።

ኣመሪካ ናብ ሃዋህው ዓለም እትፍንዎ ትኪ ካርቦን ንምንካይ፡ ሓያል ድፍኢት ዝገብሩ ዘለዉ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ኣብ 2020 ንዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ከም ዓቢ ናይ ጉስጓስ ኣርእስቲ ይጥቀሙሉ ከምዘለዉ ይፍለጥ።

ብሰንኪ ብከላ ዝፍጠር ዓለማዊ ዋዒ፡ ዓለምና ድሕሪ ዝተወሰኑ ዓመታት ሰብ ክነብረላ ዘይክእል ምድረበዳ ክትከውን ከም ዝኽእል ዝዀምቱ ክኢላታት፡ ሓያሎ ብበከላ ቀዳሞት ዝሕዘ ሃገራት ተተካኢ ጸዓት ብስፍሐ ንኽተኣታትዋ፡ ዘይሕለል ጻዕርታት የካይዱ ከምዘለዉ ይግለጽ።

ኣብ ዝቕጽል ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክወዳደሩ ገስጋሳት ዘካይዱ ካብ ዘለዉ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ኣመሪካ ብዙሕ ገንዘብ ኣውጺኣ - ብከላ ኣየር ናብ ባዶ ከተውርዶ ከም እትኽእል ይገልጹ ኣለዉ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነቲ ብመተሓላለኺቱ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ዝቐርብ ዘሎ ንድፍታት 'ባዶ ብከላ ኣየር' – "ኣብ ግብሪ ክውዕል ዘይክእል፡ ንቑጠባ ሃገር ሃሳዪ" ብምባል ከም ዝቃወሞ ሮይተር ይሕብር።

# ኣብ መንጎ ሩስያን ኣመሪካን. . .

ብመሰረት ሓበሬታ ጸብጻባት፡ ኣመሪካ፡ ካብ ዶብ ሩስያ ብዙሕ ኣብ ዘይርሕቕ ቦታታት መደብራት ሚሳይል ክትተክል እተወጽኦ መደባት፡ ሩስያ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክትወስድ ከምዝገደዳ ምክትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ገሊጹ።

እቲ ሩስያዊ በዓልመዚ፡ ኣመሪካ ኣብ ጥቓ ሩስያ ኣጽዋር ሚሳይል እናተኸለት - ሩስያ ብሽቕታ ክትርኢ ከም ዘይትኽእል ብምዝኽኻር፡ ምስቲ ኣብ ፈለማ 60ታት ዝተፈጥረ "ቅልውላው ሚሳይል ኩባ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ወተሃደራዊ ምፍጣጥ ዝመሳሰል ኩነታት ክፍጠር ከምዝኽእል ኣገንዚቡ።

ኣብ ናይ 1962 ዝሑል ኩናት፡ ኣመሪካ ኣጽናቲ ቦምብ ክጸውር ዝኽእል ሚሳይል ኣብ ቱርኪ ምስ ተኸለት፡ ሩስያ ናብ ኣመሪካ ዝቐንዐ ተመሳሳሊ ሚሳይል ኣብ ኩባ ክትተክል ቃፍላይ መራኽብ ውግእ ከም ዘንቀሳቐሰት መዛግብቲ ይዝክሩ።

ኣመሪካ ናብ ኣፍ-ደገ ገዝኣ ዝቐረረብ ዘሎ ሓደጋ ውግእ ንምክልኻል ንመራኽብ ሩስያ ዝቐበላ ቃፍላይ መራኽብ ኣዋፊራ መንገዲ ባሕሪ ዓጽያቶ። ዓለም ኣብ ተኣፋፍን ሰንከፍን ውግእ ኣጽናቲ ኣጽዋራት ምስ በጽሐት ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ምርድዳእ ተገይሩ። ኣመሪካ ኣብ ቱርኪ ዝተኸለቶ ኣጽዋር ክትምሕዉ ኽካ ከይትወርርን እውን ቃል ኣትያ። ሩስያ ብወገና፡ ኣብ ኩባ ክትተኽሎ ተግዚኣ ዝነበረት ተመሳሳሊ ኣጽዋር ክትመልስ ተሰማሚዓ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ ሚሳይላት ኣብ ምትካል እንተደኣ በጺሓ፡ ዝተሓላለኸን ናብ ጥርዚ ክበጽሕ ዝኽእልን ወጽኢት ከም ዝስዕብ እቲ ሩስያዊ በዓል መዚ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብ ዝሓለፈ ለካቲት ተመሳሳሊ ርእይቶ ኣስሚዑ ምንባሩ ምንጭታት ይሕብሩ። ፑቲን፡ እንተደኣ ኣመሪካ ኣብ ጥቓ ዶብ ሩስያ ጃምላዊ ዕንወት ዘስዕብ ቦምብ ክስከም ዝኽእል ሚሳይል ኣጻዊዱ፡ ሩስያ ካብቲ ናይ ኣመሪካ ዝቐልጠፈ ሚሳይላት ኣብ ጥቓ ኣመሪካ ከም እትተክል ኣፍሊጡ ምንባሩ ምንጭታት ይሕብሩ።

ምስዚ ኣብ ዝተተሓሓዘ ሰሜን ኣትላንቲክ ኪዳን - ኔቶ፡ ሩስያ እትምህዞ ዘላ ኣጽዋራት ክሰብ ዝቕጽል ኑሓስ እንተ ዘይኣፍሪሳ፡ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ከም ዝወስድ መዘኻኸሪ ምቕራቡ ምንጭታት ሓቢሮም።

ሩስያ፡ ንኤውሮጳ ናይ ሓደት ደቓይቕ ዕድል ክህብ ዝኽእል - መጥቃዕቲ ዝፍኑ ስርዓተ-ሚሳይል ኣጥርያ ከምዘላ እትገልጽ ኣመሪካ፡ ማእከላይ ርሕቀት ዝጓዓዙ ሚሳይላት ኣብ ኤውሮጳ ከይትከሉ ዝኽልክል ናይ 1987 ስምምዕ ሩስያ ከም ዝሰዓረቶ እያ እትገልጽ።

ሩስያ ብወገና፡ ነቲ ስምምዕ ከም ዘይሰዓረት ትሕብር።



ussian guided missile frigate Admiral Gorshkov enters Havana's bay, Cuba, June 24, 2019. REUTERS/Alexandre Meneghini


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 28/6/2019 | ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175፡ቁ.58፡ ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565